ፍኖተ ብርሃን

ጥሪ ፭፻፲፬ January 2022 መበል 67 ዓመት ቍ. 512





ፈነወ ቲቪ ተዋሕዶ ናብ 24 ሰዓታት ክብ ንምባል፡ ኢደይ ኢድካ ንበል

ዓመታዊ ሥልጠና ቤተ ክህነት ኪካየድ'ዩ



ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ ካህናትን ዲያቆናትን ዓመታዊ ዘካይድዎ ሥልጠና፡ ሎም ዘመን ድማ ካብ 17-20 ለካቲት 2022፡ ካብ ከተማ ኣትላንታ ውጽእ ኢሉ ኣብ ዝርከብ፡ ገዳም ቅድስት ማርያምን ቅድስት ድምያናን ኪካይድ ምኻኑ፡ ክፍሊ ትምህርቲ እቲ ሃገረ ስብከት ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ሥልጠና፡ ምእኩልን ስሩዕን ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምክያድ፡ እወታዊ ጽልዋኡ ኪገሃድ

ከም ዝጀመረ፡ ዚመጻና ሓበሬታ የመልክት።

መበል 16 ዝኽረ ዓመት



ዓርቢ 13 ጥሪ 2006 (ቅድሚ 16 ዓመታት)፡ ኣባላት ሲኖዶስ ብምሥጢር ተኣኪቦም፡ ንፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካብ ሥልጣን ብምልኣት ኣለይዎም።

ኣብ ዓመቱ፡ ብ20 ጥሪ 2007–ቀዳም መዓልቲ– (ቅድሚ 15 ዓመታት) ክልተ ካህናትን ገለ ኣባላት ጸጥታን ዝርከቡዎም፡ ናብ መንበሪ ገዛ ፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ብምእታው፡ ነቲ ናይ ፓትርያርክነት ልብሰ-ተክህኖ ወሰዱዎ።



ቅድሚ 75 ዓመታት ዝተዋህበ ቃለ ቡራኬ ዘልደት



ዕጨጌ ገብረ ጊዮርጊስ (ቀዳማይ ፓትርያርክ ዘምድረ ሓበሻ) ብ1939 ግእዝ (1946 ፈረንጂ) ኣብ ዕለተ ልደት ጐይታና፡ ንሕዝቢ ዜስምዕዎ ቃለ በረከት።

ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት፡ ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ።

ምንምኳ በቲ ዝተፈጥረ ናይ ኣቈጻጽራ ጊዜ ፍልልይ፡ እቶም ካልኦት፡ ቅድም ኢሎም ዜኽበርዎ እንተኾኑ፡ ንኽምዚ ከማና ዝኣመሰሉ፡ ብኃጢኣት ንዝጠፍኡ፡ ንኣዳምን ንደቁን ንምድላይ፡ ሎሚ፡ እቲ ንሰማይን ምድርን ኣብ ኢዱ ዝጨበጠ ኣምላኽ፡ ነቲ ልዑል ባህርዩ ትሕት ብምባል፡ ምስቲ ድኹም ሥጋና ተዋሒዱ፡ ብጎቱም ድንግልና ዝተወልደሉ፡ መበል 1939 በዓለ ልደት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እነኽብረሉ ዘለና፡ ዓብዪ በዓል እዩ።

ኣብዛ ዕለት'ዚኣ፡ "ዮም ኣሐደ መርዓተ ኮኑ መላእክት ወሰብእ ከም ይሰብሕዎ ለክርስቶስ በቃለ ኣሚን" ከም ዝተባህለ፡ ሰብን መላእኽትን፡ ነቲ ዓለም ንምድኃን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ብምምስጋን ኃቢሮም እዮም። ኣብ ማእከል እቶም መላእኽቲ፡ ምስጋና ኰነ። ኣብ ደቂ ኣዳም ድማ፡ ፍቕሪ ሰብ ገዲድዎ፡ ኣምላኽ ሰብ ምስ ኰነ፡ እቶም ደቂ ሰብ ከኣ፡ "ሰላም ኣብ ምድሪ" (ፍቕሪ፡ ሓድነት) ኰነ እናበልና፡ ብስራት ምድኃንና ንዓለም ንሰብኽን ነስምዕን ኣለና።

በዛ ዕለት'ዚኣ፡ እቲ ዙፋኑ ኣብ ሰማያዊት ጽርሐ ኣርያም ዝኾነ ኣምላኽ፡ ንዓና ክብል፡ መንበሪ ከም ዘይብሉ ኰይኑ፡ ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ።

በዛ ዕለት'ዚኣ፡ እቲ ንዕሩቓን ልብሲ ዝኾነ፡ ንጉሥ ነገሥታት፡ ንዓና ክብል ብጨርቂ ተጠቕለለ።

በዛ ዕለት'ዚኣ፡ እቲ ሥጋ ለቢሰ ከድኅነካ እየ ብምባል ንኣዳም ዝሃበ ተስፋ፡ ቃል ተስፋኡ ንምፍጻም፡ ካብታ ምድብቲ ዕለት፡ ሓንቲ መዓልቲ፡ ካብቲ ሰዓት'ውን ሓንቲ ሰዓት፡ ከየሕለፈን ከየትረፈን፡ እቲ ሰማይን ምድርን ዘይውሰንዎ ኣምላኽ፡ ብሓጺር ቍመት፡ ብጸቢብ ደረት ተወሲኑ ተራእየ።

ስለዚ ኽኣ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ "ክርስቶስኒ መጽአ በዕድሜሁ ይሙት በእንተ ኃጢኣትነ እንዘ ኃጥኣን ንሕነ" ማለት፡ "ገና ድኹማት ከሎና፡ ክርስቶስ ብጊዜኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ፡" ብምባል፡ ኣረድኣ፡ (ሮሜ 5.6)። ካልኣይ'ውን ንሰብ ገላትያ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ድማ፡ "ወአመ በጽሐ ዕድሜሁ ፈነወ እግዚኣብሔር ወልዶ ወተወልደ እምብእሲት። ወገብረ በሕገ ኦሪት ከመ ይሣየጦሙ ለእለ ውስተ ኦሪት" ማለት "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ኽንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ኻብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ" ብምባል ገሊጽዎ፡ (ገላ 4.4-5)።

እዚ ኹሉ ዝተገብረሉ ሰብከ ደኣ፡ ንሱ'ውን ንዝኾምኡ ሰብ ከምኡ ኪገብር ኣይግብኦን ማለት ድዩ፧ እቲ ቃል ተዛሪቡ ጥራይ ምድኃን ዚከኣሎ ኣምላኽ፡ ሰብ ክሳዕ ምኻን፡ ድኹም ሥጋ ክሳዕ ምልባስ ኪበጽሕ ዝኽኣለ፡ ኣብነት ትሕትናን ፍቕርን ምእንቲ ክኾነና ዶ ኣይኰነን፧ እቶም ሥጋ ምልባሱ እንኣምን ዘበለና ኵልና ክርስቲያን እምበኣር፡ ፍቕሪ፡ ሓድነት ተገሩልና እናበልና፡ ልደት መድኃኒና ነብዕል ኣለና። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዓለም ሰላምን ሓድነትን ንኽኸውን እንተዘይጽዒርና ግና፡ ነዚ በዓል'ዚ ብዘብዓልናዮ መጠን፡ ታሪኽ ኪዕዘበና ጥራይ ዘይኰነስ፡ ናይ ኣፍ ጥራይ ክርስቲያን ተባሂልና ምጽዋዕና'ውን ይተርፈናዶ፧

ዓለም ምብልላጽን ምጉዳልን መሰል ኣብ ቅድሜኣ ኣብ ዝተቐጀለሉ፡ ኣብ ምድሪ ሰላም ኪሰፍን ዘይተመነየ ኣይነበረን። ነዚኣቶም ብማዕረ ንምምቕራሕን ንምስትኽኻልን ግና፡ ሰፊሕ ትምኒት ጥራይ ንበይኑ እኹል ብዘይምኻኑ፡ ብመጠን ስፍሓት እቲ ትምኒት፡ እቲ ዜድሊ ጊዜን ምዝርራብን ኪህሉ'ውን ኣድለየ።

መድኃኔ ኣለም ነቲ ዝሃቦ ቃል ኪዳን ኣብ ጊዜኡ ከም ዝፈጸመ፡ መንግሥታት ዓለም ድማ፡ እቲ ወኪሎሞ ንዘለዉ ሕዝቢ ዝኣተውዎ ቃል ኪዳን፡ ቃሎም ንምኽባርን ንምፍጻምን፡ ወይ ከኣ ከም እቲ ቃል ኪዳን ከም ዚኽበርን ከም ዚፍጸምን ንምግባር፡ ምእንቲ ክኽእሉ ንጽልየሎም። መወዳእታኡ ግን እዚ ኹሉ ከም ውሒዝ ዝወሓዘ ደም ሰብ፡ እቲ መሥዋዕትነቱ ዋጋ ዘይብሉ ኰይኑ፡ መሠረታዊ ሰላም'ውን ከየምጽአ እንተተረፈ፡ እዚ ነቶም ናይ ዓለምና ዓበይትን ሊቃውንትን ዜውቅሶም ስለ ዝኾነ፡ ኣረኣእያኦም፡ ኣብ ዓለምና ሰላም ናይ ምምጽእ ተኽእሎ ዘሎዎ ኪኸውን ምእንቲ፡ ቤተ ክርስቲያንና ኣብ ምድሪ ሰላም ምእንቲ ኪኸውን፡ በዛ ሎም መዓልቲ ንዝተወልደ ፈጣሪኣ ትልምን።

ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ዘመን፡ ዓመተ ፍዳ ዓመተ ኵነኔ ከም ዝተባህሎ መጠን ካብ ልደቱ ጀሚሩ ዘሎ ዘመን ድማ ዓመተ ሥጋዌ ዓመተ ምሕረት ተባሂሉ መበገሲን መዕለብን ታሪኽን ዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ኰይኑ ብጽቡቕ ስም ኪዝረበሉን ይነበር ኣሎ። ከምኡ ኽኣ፡ እቲ ዝሓለፈ ዘመን ኩናት፡ ዓመተ ፍዳ፡ ዓመተ ኵነኔ ተባሂሉ፡ ሕጂ ግና ንዓለምና፡ ዓመተ ሰላም ክጅመረላ፡ ክርስቲያናዊ ጸሎትና ዝቋረጽ ኣይኰነን።

ዕበየት እቶም ዓበይቲ፡ ንትውልዲ ዚመኃላለፍ ቀዋሚ ነገር ሓዲጎም ብምጎላፎም እዮም፡ ታሪኽ ኪዝክሮም ዝኑበር ዘሎ። ብኃይለ ጐነጽ ዝተረኽበ ዕበየት ግና፡ ንጊዜኡ ደኣ እምበር፡ ነባርን መሠረት ዘይብሉን ከም ዝኾነ፡ ዘመንና፡ ነቲ ኩነታት እናርኣየና እዩ ዚኃለፍ ዘሎ። ሰብ ታሪኽ፡ ኣብ መዝገበ ዕለት፡ ኣብቲ ታሪኽ ዝምዝግቡሉ ሰነድ፡ ብዛዕባ'ዚ እኹል ገጻትን ምዕራፍን ሂቦሞ ስለ ዘለዉ፡ እዚ ገጽ ብዝወቀበ ሕብሪ ተወሪቑ ምእንቲ ክርኣ፡ ከምቲ እቶም ሊቃውንትን ዓበይትን ዝደኽሙሉ መጠን ንመጻኢ'ውን ብግዴታ ምጽዓርን ምምካትን ግቡእ እዩ።

ኦ ክርስቶሳውያን! ክርስትናና ንገጽ ርኣ ከይከውን፡ ናይ ኣፍ ክርስቲያን ብምኻን፡ ካብቲ ሓቂ ዝኾነ ክርስትና ወጻኢ ኻንና ከይንርከብ፡ ቅኑዕ ኣረኣእያ ኣብ ሠሌዳ ልብና ክቐርጸልና፡ ኣብ ምድሪ ኽኣ ፍጹም ሰላም ምእንቲ ክኾነልና፡ ነቲ ኵሉ ንምግባር ዝከኣሎ ኣምላኽ፡ ንለምኖ።

በረከተ ልደቱ ኣብ ኵላትና ይሕደር፡ ኣሜን!

ዕጨጌ ገብረ ጊዮርጊስ (ደኃር ቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ተባሂሎም ቀዳማይ ፓትርያርክ ዘምድረ ሓበሻ ዝኾኑ እዮም)

ምንጪ ጽሑፍ፡- ዜና ባስልዮስ ሊቃ ጳጳሳት ኢትዮጵያዊ (1950 ኣዲስ ኣበባ)

ላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ፡ ኣሕጉረ ስብከታት ክፍሊ ሕዝባዊ ርክባት

ኣሰናዳኢ
ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል
fnotebrhangazeta@gmail.com

ኣርታዕቲ
ቀሺ ኢሳይያስ የዕብዮ
ቀሺ ኣፈወርቅ ተወልደ
ቀሺ ጳውሎስ ኪዳነ
ዲያቆን ጸጉ ነጋሽ
ዲያቆን ክፍለማርያም ገብረመስቀል

ቅጥሚ ጋዜጣ
ኣሕታሚ እምኵሉ

መራሕ ስራሕ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ ንምምራጽ፡ ምርጫ ኪካየድ'ዩ

መራሕ ስራሕ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ ንምምራጽ፡ 15 ጥሪ 2022 ብተዓዛብነት ላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ፡ ምርጫ ከም ዝካየድ፡ ዋና ጸሓፊ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ፡ ዲያቆን ፍስሓ ግርማይ ሓቢሮም። እቶም ዝምረጹ ሊቃ ካህን፡ ንዝቕጽል ሠለስተ ዓመታት፡ መራሕ ሥራሕ ኰይኖም ብሓላፍነት ምእንቲ ክመርሑ፡ መዓርገ ሥልጣኖም ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ከም ዚጸድቕ ኪግበር ምኽኑ'ውን፡ ኪፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ። ንቦታ ሊቃ ካህናት ቀሺ ተኽለማርያም ምህርካጽዮን ንምትካእ ኣብ ዝግበር ምርጫ፡ መሪጌታ ደሞዝ ገብረሚካኤል ካብ ስዊትዘርላንድ፡ ከምኡ'ውን መሪጌታ ተስፋሚካኤል ተስፋይ ድማ ካብ ሽወደን እዮም ሕፁያት ኰይኖም ኪቕርቡ።



ኣብ ወለዶ ጐይታና ዝተጠቕሳ ኣርባዕተ ኣንስቲ

ትእማር፡ ራኬብ፡ ሩትን ባትሴባን ዚብሃላ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ሓረግ ትውልዲ ጐይታና ተጠቒሰን ኣለዋ። ካብ ኵለን እተን በብዘመኑ ዝነበራ ነገሥታት ይኹና ክቡራትን ለባማትን ዚብሃላ ኣንስቲ፡ ንሰን እዘን ኣርባዕተ ጥራይ ተፈልየን ምጥቃሰን፡ ብብዙኃት ተንተንቲ፡ ብዙኅ ትንታነታት ይቐርበለን እዩ። ንዛንታአን ኣሕጽር ኣቢልና ንርኣዮ፡-



ትእማር፡ ሓሙኣ ዘእተወት ሰበይቲ

ዛንታኣ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ምዕራፍ 38 ኢና እንረኽቦ። ኣብርሃም ንይስሓቅ ወለደ፡ ይስሓቅ ንያዕቆብ ወለደ፡ ያዕቆብ ከኣ፡ ይሁዳ ንዝርከቦም 12 ውሉድ ወለደ። ይሁዳ፡ ነቲ ዔር ዝተሰምየ ቦኽሪ ወዱ፡ ንትእማር ኣመርዓዎ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክፉእ ስለ ዝገበረ ግና እግዚኣብሔር ቀተሎ። ሽዑ ይሁዳ ዘርኡ ምእንቲ ኪቕጽል፡ ነቲ ኣናን ዝተሰምየ ካልኣ ወዱ፡ ከምቲ ዝነበረ ልማድ ናብ ትእማር ክኣቱ እሞ፡ ንዔር ኃዉ ድማ ዘርኢ ኬትርፈሉ ነገሮ። ኦናን ግን ትእማር ምእንቲ ከይትወልድ ብምባል ነቲ ዘርኡ ናብ ምድሪ ይኽዕዎ ነበረ። እግዚኣብሔር ድማ ቀዘፎ።

ድኅር'ዚ፡ ይሁዳ ንትእማር ካልኣ ወዱ ክህባ ኣይደፈረን። እቲ ሕፃን ዝነበረ ሺላ ክሳዕ ዚዓቢ ድማ፡ ንትእማር ናብ ዓዳ ከም እትኸይድ ገበራ። ሼላ ዓብዩ ክንሱ፡ ግናኸ ሰብኣያ ንኽኸውን ንትእማር ኣይተዋህበን። ሽዑ ትእማር፡ ከም ኣመንዝራ ተመሲላ፡ ሓሙኣ ከየለለያ ናብኣ ከም ዝኣቱ ገበረት እሞ፡ ካብ ሓሙኣ ይሁዳ ድማ ጠነሰት። ስለዚ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ወለዶ ጐይታና ኢየሱስ፡ "ይሁዳ ኸኣ ካብ ትእማር ንፋሬስን ንዛራን ወለደ" ተባሂሉ ተጻሕፈ (ማቴ 1.3)።

ራኬብ ወይስ ረኣብ

ወንጌላዊ ማቴዎስ፡ ራኬብ እምበር ከምቲ ብግእዝ ረኣብ ወይ ብትግርኛ ረሃብ እንብሎ ስም ኣይተጠቐመን። ብዙኃት መምህራን፡ እታ ማቴዎስ ጠቒስዋ ዘሎ ራኬብ ንሳ እታ ሓዋርያ ያዕቆብን እቲ ናይ ዕብራውያን ጸሓፍን፡ "እታ ኣመንዝራ" ብምባል ጠቒሶምዋ ንዘለዉ ረሃብ ዚምልከት'ዩ ዝብል መረዳእታ ኣለዎምን።

ዝኾነ ኾይኑ፡ ብዛዕባ እታ ንቦኣዝ ዝወለደት ራኬብ ብዙኅ ዚፍለጥ የለን። ብዛዕባ እታ ረሃብ እትብሃል፡ ኣብ ያሪኮ ዝነበረት ኣመንዝራ ግና፡ ዛንታኣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ይርከብ'ዩ። ረሃብ፡ ኣመንዝራ ምንባራ ጥራይ ዘይኮነስ ብሱሩ'ውን ካብቶም ኣሕዛብ ዚብሃሉ ካብ ሕዝቢ እስራኤል ወጻኢ ዝኾኑ ዓሌት እያ ዝነበረት። ደቂ እስራኤል ናብታ እግዚኣብሔር ዘተስፈዎም ምድሪ ንምእታው ክቃረቡ ከለዉ፡ ቀዳመይቲ ኣጥቂዖም ክሕዝዋ ዝነበሮም ከተማ፡ ያሪኮ ነበረት። ስለዚ ኸኣ ኢያሱ፡ ክልተ ሰለይቲ ናብኣ ለኣኸ። እቶም ሰለይቲ ኣብ ቤት ረሃብ እታ ኣመንዝራ ኣትዮም ኣብኡ ሓደሩ፡ (ኢያ 2)። ንጉሥ ብዛዕባኣም ምስ ፈለጠ፡ እታ ኣመንዝራ ነቶም ሰለይቲ ኣብ ገዝኣ ሓቢኣ፡ ካብ ድንገት ኣድኃነቶም። በዛ ተግባር እዚኣ ድማ ንሳቶም ሕዝቢ እስራኤል ንያሪኮ ምስ ሓዙዋ፡ ንዓኣን ኣብ ቤታ ንዝተረኽበ ዘበለ ኵሉን ምሕረት ከም ዝገብሩላ ቃል ኣተዉ።

ኣብቲ መጽሓፍ ወለዶ ጐይታና ኢየሱስ፡ ትእማር ንፋሬስ ከም ዝወለደት ጠቒስና ኔርና። እቲ ወለዶ ክቕጽል ከሎ፡ "ፋሬስ ንኤስሮም፡ ወለደ፡ ኤስሮም ንኣራም ወለደ፡ ኣራም ንኣሚናዳብ ወለደ፡ ኣሚናዳብ ንነኣሶን ወለደ፡ ነኣሶን ንሰልሞን ወለደ፡ ሰልሞን ካብ ራኬብ ንቦኣዝ ወለደ" ይብል፡ (ማቴ 1.5)። ነዛ "ራኬብ" ተባሂላ ዘላ እዮም፡ ገለ መምህራን ንሳ እታ ብግእዝ ረኣብ፡ ብትግርኛ ኸኣ ረሃብ እንብላ ዘለና እያ ብምባል ዝትንትኑ።

ሩት እታ ሞኣባዊት

ካብ መጽሓፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሓደ መጽሓፍ ንዛንታ ሩት እተወፈየ እዩ። ንሳ እስራኤላዊት ዘይኮነትስ ሞኣባዊት እያ። ሎጥ ካብ ቦኽሪ ጓሉ፡ ማለት እታ ጓሉ ኣስኪራ ናብኣ ምስ ኣእተወቶ፡ ሞኣብ ተወልደ። ሞኣባውያን ኣብ ኣምልኾ ጣኦት ዝተኣልኩ፡ ንኻልኦት ኣማልክቲ ኣብ ምዕጣንን ኣብ ምግልጋልን ዝነበሩ፡ ሕዝቢ እስራኤል ክጠፍእ ብንጉሦም ኣቢሎም፡ በልዓም ንኽረግመሎም ዝጸዓሩ፡ ጸረ ሕዝቢ እስራኤል ዝኾኑ ሕዝቢ ነበሩ። ካብ ሞንጎ እዚ ጸረ እግዚኣብሔር ዝኾነ ሕዝቢ ግና፡ ሩት፡ ብስደት ናብ ሞኣብ ምስ ዝመጸ እስራኤላዊ ተመርዓወት። ሰብኣያ ምስ ሞተ ግና፡ ንሳ ምስ ሓማታ ንምንባር ቈረጸት እሞ፡ ንኣምላኽ እስራኤል ድማ ብምልኣት ክትስዕብ ወሰነት። ስለዚ ኸኣ ምስ ሓማታ፡ ናብ ቤት ልሔም፡ ናብ ምድሪ እስራኤል ኣተወት።

ከምቲ ሕጊ እንዳ'ባ፡ ዘመድ እቲ ዝቐረበ ዝሞተ ሰብኣይ፡ ንሩት ኬእትዋ ይግባእ ነበረ። እቲ ዝቐረበ ወራሲ ግና፡ ዘርኣይ ምእንቲ ከየበላሹ ብምባል ንሩት

ናብ ገጽ 12 ይቕጽል

መዘሙር ክዳት

መድኃኒና ካብ ሰማይ ወረደ

መድኃኒና ካብ ሰማይ ወረደ
ምእንታና ካብ ድንግል ተወልደ
አ ሃሌ ሉያ!

ልዕሊ ሰማይ ዚነብር ዙፋኑ
ውሽጢ ቀላይ ዚርኢ ብዓይኑ
አ ሃሌ ሉያ

ክብሪ አዳም ስለ ‘ተደምሰሰ
ኬሐድሶ ሥጋና ለበሰ
አ ሃሌ ሉያ

ኣብ መንበሩ ማንም ዘይቐርቦ
ፍቐሪ አዳም ንአምላኽ ሰሓቦ
አ ሃሌ ሉያ

ሰማያዊ ሰማይ ዝፈጠረ
ኣብ ቤት ልሔም መብልዕ ማል ሓደረ
አ ሃሌ ሉያ

ዕጣን ከርበ ናይ ሞቱ ኣምሳል
ተቐበለ ካብ ሰብአ ሰገል
አ ሃሌ ሉያ

ትሕትና ኪምህረኒ ደልዩ

ስለ ኢየሱስ ምላዱ ክሓስብ ከለኹ
መድኃኒና ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱ ርኤኹ
ትሕትና ኪምህረኒ ደልዩ’ምበር
ካብ ሃብታማት ምተወልደ ነይሩ
መድኃኒና ዕዉራት ንምርኣይ ከኣለ
ንዓይ ኃጥእ ሰብ ኬድጎን ድማ ወረደ
ትሕትና . . .

መድኃኒ ወንጌል መንግሥቲ ድማ ሰበኸ
ንኃጥእ ክደሊ’የ መጺአ’ውን በለ
ትሕትና . . .

መድኃኒና ብሰይጣን ድማ ተፈተነ
ግና ንሱ ንሰይጣን ብኃይሉ ሰዓረ
ትሕትና . . .

መድኃኒ ርእሲ ተመን ጨፍለቐ ብኃይሉ
ተጨነቐ ንዓይ ኬውጽእ ኢሉ
ትሕትና . . .

ተሰቒሉ ርኤኹ ኢየሱስ ኣብ መስቀሉ
ካብ መቓብር ተንሢኡ በቲ ብርቱዕ ኃይሉ
ትሕትና . . .



ልደት ናይ ጐይታና

ልደት ናይ ጐይታና ክርስቶስ ኣምላኽና
ቍሪ ተሃሪሙ ሓራ ኬውጽኣና
ጨርቂ ተጠቕሊሉ ምልክት ሕስራንና
ሎሚ ነስተውዕሎ ዋና ናይ ነፍስና
ነመስግኖ ነመስግኖ ንኣምላኽና
ካብ ሰማይ ወሪዱ ሞተ’ውን ስሌና
በሉ ንቀበሎ ሎሚ ናብ ልባትና
ድምጹ ንስምዓዮ ሰላም ክወርደና
ፍቐሪ ናይ ክርስቶስ ምስ ማርያም ኣዴና
ምሳና ኪነብር ክሳዕ ጊዜ ሞትና
ነመስግኖ . . .

ሕጂ ንሕሰበሉ ወጋሕታ ብርሃንና
ኢየሱስ መጺኡ ፈውሲ ናይ ሕይወትና
ዓመታት ኣጎሊፉ ልደት ናይ ጐይታና
ሕጂ ይደሊ’ሎ ክንህቦ ልባትና
ነመስግኖ . . .

ዓለም ከንቱ እያ ወንጌል ምስክርና
ሓዋርያኡ ጌሩ ምዒዱ ጐይታና
በዓልና ክኃልፍ ብንጹሕ ጎሊና
ሕጂ ነራግፎ ቂምታ ናይ ልባትና
ነመስግኖ . . .

ይቕረታ ንለምን ብኽፉእ ኃጢኣትና
ምሕረት ኪወርድ’ዩ ኣብ መላእ ዓለምና
መጋረጃ ክፍኣት ኪጠፍእ ካባና
ቅድስና ኣምላኽ ክኃድር ኣባና
ነመስግኖ . . .

ብሥራት ገብርኤል

ብሥራት ገብርኤል ንማርያም ድንግል
ካብኣ ከም ዚውለድ እግዚኣብሔር ቃል
ኣብ ማርያም ኃደረ አሐዱ እም ሠለስቱ
ኣዳም ንኽምለስ ናብ ጥንታዊት ርስቱ
ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሉያ
መድኃኒ ተወሊዱ ኣብ ሞንጎኹም
ንዑ ርኣይዎ ትዕደሙ ኣለኹም
ክንደይ ሠናይ ቅዱስ’ውን ምስማዑ
ዓብዩ ሓጐስ ምሕረት ንዝጸምኡ
ሃሌ ሉያ . . .

ብርሃን ተረኺቡ ኣብ መላእ ዓለምና
ልብና ንኽፈተሉ ኪጠፍእ ጸልማትና
ኩልና ንተሓጐስ መድኃኒ ብምላዱ
ነመስግኖ ንዓልል ሰይጣን ብምሕራዱ
ሃሌ ሉያ . . .

ካብ ማርያም ቅድስቲ ምላድ ኣማኑኤል
ናብኡ ዚኣመነ ዝቕበሎ ከም ኣቤል
ብንጽህና ልቢ ናብኡ ብምምህላል
ድኅነት ተዋሂቡ ብእምነት ኣሜን ንበል
ሃሌ ሉያ . . .

ሕጂ ንመልከቶ ነቲ ናይ ጽድቅና
ሥጋና ወሲዱ ኃጢኣትና ኣርኂቑልና
መንግሥቱ ክንወርስ ምስ ኵሎም ነቢያትና
ነስተብህል ንመልከት ምሕረት ናይ ኣምላኽና
ሃሌ ሉያ . . .

ሕዝቢ ናይ ክርስቶስ ስምዑንዶ በጃኹም
ገነት ንኽትኣትዉ ትዕደሙ ኣለኹም
ብንስሓ ልቢ ንመለስ ናብ ጐይታ
ዝፋኑ ገዲፉ ወሪዱ ናብ ባይታ
ሃሌ ሉያ . . .

ዘይነጽፍ ዔላ’ዩ ምሕረት ናይ ጐይታና
ናብኡ ንዚምለስ ዘይድርቢ ናብ ዑና
ልብና ክኾሕኵሕ ሕራይ ዘይንብሎ ኢና
ትርጉሙ ክፍለጥ ልደት ናይ ኣምላኽና
ሃሌ ሉያ . . .

ልደትን ጽሕዲ ልደትን



ስለምንታይ አም ኣውሊዕ፡ ስለምንታይ ተኽሊ ወይኒ፡ ወይስ ስለምንታይ አም በርበረ-ጸሊም ዘይኰነ ኢልኩም ሓሲብኩም ዶ ትፈልጡ፤ ስለምንታይ እየን ኣብያተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ፡ ከም ኣብ ቅነ ሆሳዕና፡ ኣብ ቅነ ልደት፡ ብጽሕዲ ልደት ዘይምዕርጋ፤

እቶም ጓሶት ድዮም: እቶም ሰብ ጥበብ እዮም ጨንፈር ጽሕዲ ጎዞም ንጐይታ ዝበጽሕዎ፤ ስለምንታይ እዩ ኣብ ከተማታት ኣዝዩ ዝውቱር፡ ኣብ ገጠራት ሃገርና ግን ዝውቱር ዘይኰነ እናበልኩም'ውን ሕሰቡ። "ዓይኒ፡ እንተዘይርኢኻሉ፡ ግንባር እዩ" ዚብሃል ካብ ኰነ፡ "ርእሲ እንተዘይሓሲብካሉ" ኸ: "ሓምሓም" ክንብሎ ንኽእል ዶ፤!

ኣብ ግዜ ውርጭን በረድን፡ ኩሉ ካልእ ገረብ ክነቅጽን ክጽምሉን እንከሎ፡ ተኽሊ ጽሕዲ ግን ሓምላይ ሕብሩ ከየጥፍኣ ስለ ዚቕጽል፡ ካብ ቅድሚ ሓያሎ ዘመናት ኣትሒዙ፡ ከም ምልክት ዘልኣለማዊ ሕይወት እናተራእየ፡ ፍሉይ ኣድናቕትን ኣምልኾን ረኺቡ ነበረ።

እቲ ኣምልኾ ገረብ፡ ገለ መልክዕ ክሕዝ ስለ ዝነበሮ፡ ገለ ሰባት፡ ነቲ ዚመጽእ ዘሎ ምብራቕ ፀሓይን ምልማዕ ኣትክልትን የዘክረና እዩ፡ ብምባል፡ ንቤቶም ብጨንፈር ጽሕዲ የማዕርጉ ነበሩ። ገሊኦም ከኣ፡ ኣብቲ ጥንታዊ ዓውደ ኣዋርሕ፡ 24 ታጎሣሥ መዓልቲ ኣዳምን ሄዋንን ስለ ዝኾነት፡ ነቲ ናይ ኤደን ገነት ኣእዋም ስለ ዜዘክረና እዩ ብምባል፡ ነታ ክበልዕዋ ዝደለዩ ኣባጉምባሕ፡ ዛግራ ቢሎም ብምጥማቕ፡ ጨንፍር ጽሕዲ ሰሊዖም ንቤቶም ኣማዕረጉ። እዚ ልማድ እዚ ኣብቶም ኣብ ኣምልኾተ ጣኦት ዝነበሩ፡ ከም ጸረ መልኣከ-ሞት ስለ ዚርእይዎ፡ ካብ ጨንፈር ጽሕዲ ወሲዶም ኣብ ልዳት ቤቶም ይገብርዎ ነበሩ። እቲ መልኣከ ሞት፡ ሓደው እቲ እኩይ መንፈስ ያኢ፡ ነቲ ቈጽሊ ርእዩ ባህሪሩ ኪምለስ ብዝብል ርድኢት ማለት'ዩ።

ጽሕዲ ልደት፡ ምስ ልደት ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዋላሓደ ምትእስሳር የብሉን። እቶም ካብ ኣምልኾ ጣዖት ናብ እምነተ ክርስትና ዝኣተው ምዕራባውያን ግና፡ "ሓዲገ ልማድ ጽኑዕ ውእቱ" ከም ዚብሃል፡ ጽሕዶም ሒዞም ክርስትና ኪቕጽሉ ደለዩ እሞ፡ ከምኡ ድማ ገበሩ።

እዚ ልማድ እዚ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን መዓስ ዘመን ከም ዘኣተወ፡ ኣርጊጸ ዝፈለጥክዎ የብለይን። ኣብቲ ዝዓበኹሉ ኣብ ኣስመራ፡ ሰምበል ኣብ ዚብሃል ከባቢ ግን፡ ቅነ ልደት፡ ጨንፈር ጽሕዲ ቈሪጽና፡ ናብ ገዛ ነምጽኦ እሞ ባሽኰቲ፡ ደስታ ዝብሃል ዝነበረ ዕሹግ ከረሜላ፡ ብፈትሊ እናኣሰርና ነንጠልጥለሉ ነበርና። ኣብ እዋን ልደት ዝተኣስረ ክሳዕ ጥምቀት ይጸንሕ ነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ንሕና፡ "ስለምንታይ" ኢልና ኣይሓተትናን፡ እቶም ቅድሜና ዝነበሩ'ውን ስለምንታይ ምኽኑ ኣይነገሩናን።

ካቶሊካዊ ጳጳስ ዮሃንስ ጳውሎስ ዳግማዊ፡ ኣብ ዓመተ 2004፡ "ጽሕዲ፡ ምልክት ክርስቶስ እዩ" ኢሎም ነበሩ። "እዚ ጥንታዊ ልማድ እዚ" ኢሎም ንሶም፡ "ኣብ ጊዜ ውርጪ ከይተረፈ፡ ሕብሩ ከየጥፍኣ ንሞት ስዒሩ ስለ ዚነብር፡ እዚ ድማ ክብሪ ዋጋ ሕይወት እዩ ዜርእየና። በዚ ድማ ነቲ ኣም ሕይወት ዝኾነ ክርስቶስ፡ ኬመልክተልና ይኽእል'ዩ" ድማ በሉ። እምበኣርከስ፡ እንታይ እናሓሰብና፡ ጽሕዲ ልደት ከም እንሸልም፡ ንነፍስና ንሕተታ።

ርሑስ ቅንያት ልደት!

ጉባኤ ቍስጥንጥንያ

እዋኑ፡ እቲ ብኽህነቱን ብትምህርቱን ፍሉጥ ዝነበረ፡ ግብጻዊ ኣባ ጢሞቴዎስ፡ መበል 22 ጳጳስ ዘመንበረ ቅዱስ ማርቆስ ኰይኑ ኣብ ዝተሾመሉ’ዩ ዝነበረ። ኣብዚ እዋን’ዚ፡ ጳጳስ ዘቍስጥንጥንያ ዝነበረ ኣባ መቅዶንዮስ፡ ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ከሓደ። እቶም ሽዑ ዝነበሩ ኣቦታት ድማ፡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ተዘራሪቦም፡ ካልእ ጉባኤ ከም ዜድሊ ተሰማምዑ። ንጉሥ ቴዎዳስዮስ’ውን በቲ ጉዳይ ተሰማምዐ። ስለዚ ድማ ኩሎም ጳጳሳት፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 381 ዓመተ ምሕረት፡ ኣብ ቍስጥንጥንያ ተራኺቦም ክዘራረቡ፡ መልእኽቲ ሰደደሎም። 150 ዚኣኽሉ መልሲ ሰደዱ። ጉባኤ ናይዞም ኣቦታት ድማ፡ ንጉባኤ ቍስጥንጥያ ኣቐመ። ነቲ ጉባኤ፡ ብወግዒ ዝኸፈቶ፡ ንጉሥ ቴዎዳስዮስ እዩ።

ጉባኤ ቍስጥንጥንያ ብቐንዱ ኣብዘን ዝስዕባ ክልተ ኣርእስትታት እዩ ዘትዩ።

ነቲ ኣብ መቄዶንያ ዝተራእየ ክሕደት ብዕምቈት ድሕሪ ምምርማር፡ ተጋባእቲ፡ ኣብቲ መርገጺ እምነት ዝኾነ ጸሎተ ሃይማኖት፡ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ዝምልከት ከም ዝውሰኽ ገበሩ። ክሳዕ ለይተ ሎሚ ድማ፡ ኣብ ኩለን ኦርቶዶክሳውያን ኣብያተ ክርስቲያን፡ ነቲ ሽዑ ዝተገብረ ወሰኽ፡ ንጥቀመሉ ኣለና።

እቲ ዝተገብረ ወሰኽ፡ “ወነኣምን በመንፈስ ቅዱስ እግዚእ ማሕየዊ ዘሰረፀ እምኣብ፡ ንስግድ ሎቱ ወንሰብሖ ምስለ ኣብ ወወልድ ዘነበበ በነቢያት። ወነኣምን በኣሓቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እንተ ላዕለ ኩሉ ጉባኤ ዘሓዋርያት። ወነኣምን በኣሓቲ ጥምቀት ለሥርየተ ኃጢኣት። ወንሴፎ ምኽኑ ኣይኣምንን እየ ትንሣኤ ሙታን ወሕይወተ ዘይመጽእ ለዓለመ ዓለም” ዚብል’ዩ። ትርጉሙ፡- “ጐይታን መሕወይን ብዝኾነ፡ ካብ ኣብ ዝሰረፀ መንፈስ ቅዱስ ንኣምን፡ ነቲ ብነቢያት ዝተዛረበ ንዕኡ ምስ ኣብን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን። ልዕሊ ዅሉ ብዝኾነት ናይ ሓዋርያት ጉባኤ፡ ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ኃጢኣት ንምስትሥራይ ብሓንቲ ጥምቀት’ውን ንኣምን። ትንሣኤ ሙታንን ንዘለዓለም ዝመጽእ ሕይወትን ተስፋ ንገብር” ይብል።

እቲ ካልኣይ ዝተዘርበሉ ክሕደት ድማ፡ ብፖሊናሪዮስ እተባህለ ዝቐረበ፡ ብዛዕባ ኣምላኽነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝምልከት እዩ። ንሱ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ኣምላኽ ምኽኑ ደኣ እምበር፡ ፍጹም ሰብ በለ። እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ፡ ናይ ሰብ ነፍሲ ኪህልዎ ኣየድለዮን፡ እንታይ ደኣ፡ እቲ ቃል ዝኾነ እግዚኣብሔር እዩ፡ ነቲ ንሕይወት ዜድሊ ነገር ባዕሉ ዜማልኣ፡ ዚብል ሠረተ-እምነት ድማ ኣልዓለ። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኽን፡ ምሉእነት ስለ ዜስእኖ፡ ጉባኤ ቍስጥንጥንያ ነዚ ምህሮ’ዚ ተቓወሞን ከምዚ ኪብል ከኣ ወሰነን። እቲ መድኃኒ፡ ፍጹም ሰብ ኰይኑ እዩ ከድኅነና ዝኽኣለ፡ ስለዚ፡ ክርስቶስ፡ ፍጹም ኣምላኽ፡ ፍጹም ሰብ እዩ።

ካልኣት ውጽኢታት እቲ ጉባኤ

ሓደ ካብቶም ኣብዚ ጉባኤ እዚ ዝተዘርበሎም መትከላት፡ ብዛዕባ ምውሳን ሃገረ ስብከት ዚምልከት ነበረ። ሓደ ጳጳስ፡ ነቲ ዝተመደበሉ ሃገረ ስብከት ሓዲጉ፡ ናብ ካልእ ኪኸይድ ከም ዘይፍቀድ ድማ ወሰነ። እቲ ቀኖና “ኣብቲ ካልእ ሃገረ ስብከት ንዕኡ ዜድሊ ኣዝዩ ብቕዕ ምኽንያት እንተዘይሃልዩ፡ እቲ ዝተሾመ ጳጳስ፡ እንተተጸገመ’ኳ፡ ሃገረ ስብከቱ ሓዲጉ ናብ ካልእ ክኸይድ ኣይግባእን። ኣብ ከምዚ ኩነት’ውን ነቲ ውሳነ፡ ባዕሉ ኪወስዶ ዘይኰነስ፡ ብጉባኤ ጳጳሳት እዩ ኪውሰን ዚግባእ” ብዝብል ተጻሕፈ።

እቲ ጉባኤ ምስ ተወድአ፡ ጢሞቴዎስን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ወከልቱን፡ ናብ ኣለክሳንድርያ ተመልሱ። ንሱን መላእ ሕዝብን ድማ፡ ኣብ ዘመነ ንጉሥ ቴዎዳስዮስ፡ ሰላማዊ ዝኾነ ጊዜ ኣሕለፉ። ኣብዚ ጊዜ’ዚ ድማ፡ ኃያሎ ኣብያተ ክርስቲያን ተሓንጸ። ጢሞቴዎስ፡ ኃያሎ መልእኽትታት ጸሓፈ። መብዝኅትኣም ግና ኪርከቡ ኣይተኻእሉን።

ቲቪ ተዋሕዶ ፈነወ 24 ሰዓታት ካብ ጥሪ ከም ዘይትጅምር ተፈሊጡ

ቲቪ ተዋሕዶ እቲ ብናታ ቻነል ናይ 24 ሰዓታት ፈነወ ክትጅምር ዝብል ተበጊሱ ዘሎ መደብ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2022 ከም ዘይጅመር፡ ዋና ጸሓፊ ላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣኅጉረ ስብከታት ቀሺ ሓለፎም ዓምደማርያም ብጽሑፍ ኣብ ዝለኣኽዎ መልእኽቲ ሓቢሮም። ተዋጺኡ ዘሎ መጠን ገንዘብ ካብቲ ዝድለ፡ ትሕቲ ፍርቂ ብምኽኑ፡ ኣብያተ ክርስቲያን፡ ነቲ ጀሚረናኣ ዘለዋ ምውጻእ ገንዘብ በርቲዐን ኪቕጽላኣ፡ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንፈነወ ዝኸውን መልእኽቲ ኣብ ምድላውን ኣብ ምስናድን’ውን እናነጠፉ ክጸንሓ ከም ዝግብኦን ድማ ኣዘኻኺሮም ኣለዉ።



ጉስነት ንኡስ ወለዶን ብድሆታቱን

ብቐሺ ቴድሮስ ተስፋይ፥ ዲያቆን ኤፍረም መብራህቱ፥ ዲያቆን ተመስገን ኣስፍሃ፥ መምህር በረኸት ተስፋማርያም ንስልጠና ውልደክህነት፡ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ መንበረ-ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ፡ ጥቅምቲ 1-2, 2021 ካብ ዝተዳለወ መባእታዊ ጽሑፍ



ዘይወግዓዊ ዳህሳስ ኣብያተ ክርስቲያናት ከም ዜመልክቶ፥ ካብ ሕፃንነቶም ኣብ ቤተ ትምህርቲ ሰንበት ተማሂሮም ዝዓበዩ እሞ ናብ ዩኒቨርስቲ ድጎሪ ምኻዶም ኸኣ ናብ ቤተ ክርስቲያን ብምምላስ ንጡፋት ኮይኖም ዚቕጽሉ፡ ካብ ሚእትስ እቶም ዕሥራ ወይ ሠላሳ (20 - 30%) ጥራይ እዮም። እዚ ጸብጻብ’ዚ፡ ነቶም ደቂ ካህናትን ዲያቆናትን’ውን ዜጠቓልል ብምኻኑ ኸኣ ኣሻቓሊ ይገብሮ። ኣባና ማለት ኣብ ኣብያተ ክርስቲያን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብጽፉፍ ዝተኻየደ መጽናዕቲ’ኳ ኣይንርከብ እምበር፡ እቲ ኣሃዝ ዝገደደ ከም ዚኸውን ዜካትዕ ኣይኮነን።

ቤት ትምህርቲ ሰንበት ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ፡ ናይ ኣስታት 50 - 60 ዓመታት ዕድመ እዩ ዘሎዎ። ምንም ውጽኢት ኣይነበሮን’ኳ እንተዘይተባህለ፡ ከምቲ ኣብ ግብጻዊት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እንርእዮ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ዝፈረዩ፡ ጳጳሳት፥ ካህናት፥ ዲያቆናትን ምርኡያት ምእመናንን ብምፍራይ ግና፡ ቤተ ክርስቲያን እትደልዮ ውጽኢት ክፈሪ ኣይከኣለን። እዚ ኣፈናዊ መጽናዕቲ’ዚ እምበኣር፡ ጠንቂ እቲ ዝተራእየ ድኻም፥ ካበይ ዝነቐለ እዩ፡ ንዝብል ሕቶ መልሲ ዜናዲ እዩ። ምጥን ብዝበለ፡ ነቶም ምኽንያታት ኣብ ሠለስተ ጸሚቖና ነቕርቦም ኣለና።

ሀ. መበቈል ትምህርቲ ሰንበት፡ ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ዘይምኽኑ

ከም ቀዳማይ ጠንቂ ድኻም ክጥቀስ ዝኽእል፡ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መቦቆሉ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ዘይምኽኑ እዩ። ኣጀማምራ ቤት ትምህርቲ ሰንበት፥ ኣብ ኦርቶዶክሳውያን ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናት ናይ ሓበሻ፥ ካብ ቅዱስ ቅንኢ ዝተላዕለ “ደቅና በቲ ናይ ወንጌላውያን ቤት ትምህርቲ ሰንበት ተሳሒቦም ከይጠፍኡና ብዝብል ቅንኢ” እምበር፡ ቤተ ክርስቲያን ትደልዮ ውጽኢት እንታይ እዩ፡ ተባሂሉ ኣይኰነን ጀሚሩ። ኦርቶዶክሳውያን ኣገልገልትን ኣመንትን፥ ብኦርቶዶክሳዊ ትምህርቲ ጥራይ እዮም ኪፈርዩ ዝኽእሉ። መበቈል ትምህርቲ ሰንበት ግና፡ ካብ ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን ኰይኑ፡ ሮበርት ራይከስን ፓስተር ቶማስ ስቶክን እተባህሉ ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘመን ወይ ልክዕ ንምኻን 1870 ዝተጀመረ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ባህርይ ናይቲ ውዑይ ኃይሊ መንእሰይ ኣብ ግምት ዘእተወን፥ ብመጽናዕቲ ድማ ዝተዳለወን ስርዓተ ትምህርቲ ኣዳልያ፡ ንሥረተ ሓሳብ ትምህርቲ ሰንበት ኣብ ጥቕማ ከተውዕሎ ኣይበቕዐትን።

ለ. ንትምህርቲ ሰንበት ዚምልከት፡ ናብ ክልተ ጫፍ ዝኸደ መርገጺታት ብምህላዉ

ንህላወ ትምህርቲ ሰንበት ምሉእ ብምሉእ ዝቃወሙ፡ “ሳእንናን ዚመስሉ ኣብ እግርናን ዘይኣትዉ” ዚብሉ በቲ ሓደ መዳይ፡ ንትምህርቲ ሰንበት ከም ዘለዎ ቀዲሕና ንጠቕመሉ ዚብሉ፡ ምስ ኩነታት ሕዝቦምን ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያኖምን ኣሳንዮም ክጥቀሙ ከም ዝግባእ ዘየስተውዓሉ፡ ጥበብ ዝወሓዶም ድማ፡ በቲ ሓደ መዳይ ምቕሞም፡ ንትምህርቲ ሰንበት ብዝግባእ ኣብ ረብሓ ቤተ ክርስቲያን ንኽይውዕል ዓንቃጺ ኰይኑ ተረኽበ። ስለዚ እቲ ኽልተ ጥርዚ፡ ከምዝ ዝስዕብ ኰይኑ ክግለጽ ይከኣል፡-

1. ቤት ትምህርቲ ሰንበት ናትና ስለ ዘይኮነ ኣየድልየናን እዩ ዝብል
2. ኦርቶዶክሳዊ ላዛን ሥርዓትን ከይኃዘ፡ ከም ዘለዎ፡ ካብ ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን ቀዲሕካ ኪትግበር ኣሎዎ ዚብል

እዚ ንሓድሕዱ ዝራጸም ክልተ ሓሳብ፡ መንእሰይ ወለዶ ግቡእ ጉስነት ንኽይረክብ፡ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ድማ ከም ኣገዳሲ ክፋል ምህሮ ቤተ ክርስቲያን ኰይኑ ደቀ መዛሙርትን ተካእትን ዝኾኑ ወለዶን ንኽየፍሪ ዓንቀጸ።

ሐ. ኢድ ኣእታውነት ፖለቲከኛታት

ጠንቂ ድኻም ትምህርቲ ሰንበት ኰይኑ ክጥቀስ ዝከኣል ሣልሳይ ምኽንያት ድማ፡ ኢድ ኣእታውነት ፖለቲከኛታት እዩ። ቤተ ክርስቲያን ፍትሒ-ኣልቦ ብዝኾኑ መንግሥታትን፥ ብፖለቲከኛታትን ዝወረዳ ግፍዒ ኣብ ስንክሳር ተሰኒዱ ይርከብ፥ ኣብ ዘመንና’ውን፡ ቤተ ክርስቲያን፡ ምምሕዳራዊ ነጻነታ ስለ ዝተገፈፈት፥ ሰማያዊ ተልእኾኣ ብሓርነትን ብብቕዓትን ክትፍጽምን ንሕዝባ ዜዕግብ ጉስነት ክትህብን ኣይከኣለትን። ስለዚ ድማ እቲ ንትምህርቲ ሰንበት ዝእከብ መንእሰይ’ውን ወይ መጋበርያ፡ ወይ ከኣ ግዳይ ፖለቲከኛታት ብምኻን፡ እቲ ቤተ ክርስቲያን እትብህጎ ፍረ ሪ ኣይከኣለን።

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል


ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን፡ ጥሪ ፩፻፲፬ January 2022 መበል 67 ዓመት ቍ 512

ኣብ ምህናጽ’የ ዘለኹ!

ብዛዕባ ሓላፍነትን ህንጸት ሓዳርን ካብ ተሞኩሮ ኣቦኡ ኪመሃር ዝደለየ መንእሰይ፡ ነቦኡ ከምዚ ብምባል ሓተቶም፡- “ሓዳር ካብ ዝገበርካሉ ጊዜ ጀሚርካ፡ ነቲ ኣብ ሕይወትካን ስድራቤትካን ክትገብሮ ሓሲብካዮ ዝነበርካሲ በጺሕካዮዶ፧ ኣብ ምሕናጽ’ካ ክሳዕ ክንደይ ዝኣክል ጸዓትን ጊዜን ወሲዱልካ፡ ንሰበይትኻ ከምቲ ናይ ፈለማ ጌርካዶ ተፍቅራ ኣሎኻ፧” ብምባል ሓተቶ። እቲ ኣቦ ድማ፡ ሕጽር ብዝበለ መልሲ “ነቲ ሓዳር ጀሚረዮ ኣሎኹ፡ ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበኒ ጊዜን ጸጋን ድማ ብግቡእ ክጥቀመሉ እናሓሰብኩ እየ፡ ሓደር ከኣ ኹሉ ጊዜ ምሕናጽ ስለ ዚደሊ፡ ዘይተወደአ ሕንጻ እዩ እሞ፡ ገና ኣብ ምሕናጹ እየ ዘለኹ” ብምባል መለሱሉ።

እቶም ክልተ ዝነበሩ ሰብ ሓዳር፡ ብሓንሳእ ኣብ ሓደ እዋን፡ ሓደ ኮይኖም ክወሃሃዱ ኣይከኣልን እዩ። ጊዜን ጸዓትን የድልዮም። ከምቲ ንክርስቶስ መታን ክንመስል ኣብ ምግዳል እንሓልፎም መገድታትን መምርሒታትን፡ ኣብ ምሕላው ቃል ኪዳን’ውን ከምኡ እዩ። “ሰብ ብኃይሉ ኣይስዕርን እዩ” ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ነቲ ኩሉ ኣብ ሓዳርና ክህሉ ዘይንደልዮ ነገርን፡ ዜጋጥመና ብድሆታትን ክንስዕሮ መታን፡ ብእግዚኣብሔር ክንትስፎ፡ ብእኡ ክንብርትዕ፡ ልብና’ውን ቀጥ ኪብል፡ ይግባእ።

ነቲ ዝተቐበልካዮ ጸጋ፡ ከምቲ በዓል ሓደ መኽሊት ከይተጠቀምካሉ ምንባር



ዘይኮነስ፡ ክትረብሓሉ፡ ክትሕጐሰሉ፡ ኣሳኒኻ ክትነብረሉ፡ ክትተሃናነጸሉ እዩ ዝግባእ። እግዚኣብሔር ውህበት ጊዜን ጸዓትን ካልእ ኩሉ ዜድሊ ኪህበና ከሎ፡ ገለ’ኳ ዘይጠቅም ነገር ኣይህብን’ዩ። ስለዚ ነቲ ዘሎና በቲ ዘሎና ጌርና ክንጥቀመሉ ደኣምበር ክንቀብሮ ኣይግባእን። እምበኣርከስ፡ ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ኪህበና ኽሎ፡ ነቲ ተውሂቡና ዘሎ ጸጋታት እናተመቓቕልና፡ ጉድለት ሓድሕድና ኽኣ እናተመላላእና፡ ንንበር።

“ሰበይተይ ኣይትሰምዕን እያ” በለ ሓደ ኃው፡ “ሰብኣየይ ኣይሰምዕን እዩ” እትብል ኃብቲ’ውን ኣይትሰኣንን እያ። ነፍሲ ወከፍና፡ ንነፍስና ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ነቕርባ እሞ፡ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ድማ እስከ ንሕሰብ። ተኣዛዝነትና ከመይ ኣሎ፧ ነቲ ዚዛረበና እግዚኣብሔርከ ንሰምዖ ዶ፧ ነቲ ብፍቕሪ ዝቕርበና ከመይ ንቕርቦ፧

ቃሉ “ንሕና ገና ኃጥኣን ከሎና፡ክርስቶስኣብክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ ኣብ ቤትና ዘይገበርናዮ፡ ምስ ካልኦት ከነተግብሮ ኢና ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል እዩ።

እቶም ኣብ ኪዳን ዘለዉ ሰባት፡ ነፍሲ ወከፎም፡ እቲ ብውልቆም ኪኹንዎ ዘለዎም እንተ ደኣ ኮይኖም፡ ጥዕና እታ ሓዳር ኣብኣ እያ እትጅምር። ንሕና ከነፍቅር ጽዉዓት ኢና፡ ምፍቃር ድማ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ሓለንቲ ኣብ ዝባኑ እናዓለበ፡ መስማር ኣብ ኢዱን እግሩን እናተሰመረ፡ ኣኽሊል እሾኽ ድማ ኣብ ርእሱ እናተነብረ፡ እወ፡ ጐድኑ ብኹናት እናተበስዐ እዩ፡ ክሳዕ መወዳእታ ፍቕሩ ዝገለጸ።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ ነቲ ኣብ ሰብኣይን ሰበይትን ዘሎ ፍቕሪ ክምስሎ ከሎ “ኣነ ግና ብክርስቶስን ብቤተ ክርስቲያንን እምስሎ ኣሎኹ” በለ (ኤፌ 5፡32)። ሰብ፡ ነዚ ሕያው ምሳሌ ሓዲጉ፡ ኣብ ክንዲ ንክርስቶስ፡ ንኻልእ ሰብ ምሳሌ ገይሩ ክኸይድ ከሎ’ዩ ድኻምን ምሕላልን ዚመጽእ።

ኣብ ሓዳርካ እትደልዮ ሠናይ ነገር፡ ብኽምኡ ክትረኽቦ ብትህኪት ምጽብባይ ዘይኮነስ፡ ምእንቲ ክትረኽቦ ኢልካ እቲ ዝግብኣካ ብምግባር ኢኻ ክትደልዮ ዚግባእ። እዚ ማለት፡ ናብኡ ገጽካ እናዓየኻ ኣብ እትኽደሉ ኢኻ እትረኽቦ እምበር፡ ብሃንደበት ክትረኽቦ ጥራይ ምጽባይ ኣይግባእን ማለት’ዩ። “ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም” (ዮሃ 15፡5) ስለ ዚብል፡ ብዘይ እግዚኣብሔር ዝድለ ነገር ክትረኽቦን ክትዓግበሉን ኣይትኽእልን ኢኻ። እግዚኣብሔር ዘይብሉ ሓዳር ድማ፡ ዕጋበት ዚብሃል የብሉን። ነዚ ኹሉ ዚሕዝ ኣምላኽ ከይሓዝካ፡ ነቲ ሒዘዮ ኣሎኹ እናበልካ እትንየተሉ ሓዳር’ኳ ኣጽንዒካ ክትሕዞ ኣይከኣልን እዩ።

ሓዳር፡ ኣብ ሓደ እዋን ዚውዳእዘይኮነስ፡ብቐጻሊ ምህናጽን ምስራሕን ዚደሊ፡ ንዝኣተናዮ ኪዳን ብሕይወት ክሳዕ ዘሎና፡ ሓደ ኣካል ብምኻን ብኃባር እንሓንጸ እዩ። ገዛ ገዚኣም ክንሶምሲ፡ ቤቶም ዘፍረሱ ማእለያ የብሎምን። ከመይ ዝበለት ብልጽቲ መኪና ገዚኣም ክንሶምሲ፡ ብሓንሳብ ዘይስቀሉ’ውን ኣይሰኣኑን እዮም። ኣብዚ፡ ቅድሚ እቲ ገዛን፡ እታ መኪናን፡ ንቤቶም እንተ ዚሃንጹ ክንደይ ምጸበቐ ነይሩ።

እምበኣርሲ፡ ምሕናጽ ሓዳር፡ ብጽሒትና ምኽኑ ብምግንዛብ፡ ንምፍቃር ኣይንተሓለል። ኣብ ጉዕዞ ከይንደክምን ከይንሕለልን ድማ ከምቲ ቅዱስ ቃል ዝብሎ “ምእንቲ ኽይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን፡ ነቲ ኻብ ኃጥኣን ኣብ ርእሱ ኽንድዚ ዝኣክል ምጽራር እተዓገሰ” ንዘክሮ፡ (ዕብ 12፡3)። እቲ እግዚኣብሔር ዝመስረቶ ሓዳር ፍጹም እዩ፡ እቶም ኣብቲ ሓዳር ዘለና ሰብ ኪዳን ግና ዘይፍጹማት ኢና’ሞ፡ ናብ ፍጻሜ ኣቢልና ምእንቲ ክንሓልፍ፡ እቲ ዝግብኣና ንምግባር ንትጋህ!

ጸሎት ጐይታና

ዲያቆን ተስፋብርሃን መዓሮ፡



ክርስቲያን ማለት ሰዓቢ ክርስቶስ ማለት እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ድማ ብግብሩን ብቓሉን፡ እቲ ክንስዕቦ ዚግብኣና ኣሰር እዩ ገዲፉልና። ስለዚ ኣብ ኵሉ ሕይወትና ከም ኣብነት ክንስዕቦ ዘለና ኣርኣያ ‘ክርስቶስ’ እዩ። ኣብዚ ጎታም’ዚ፡ ብሽመይ ኣብ ኣሰር ጐይታ ክንጸንዕ ከም እንኽእል፡ ኣብ ሓደ ዛዕባ ማለት ኣብ ጸሎት ጥራይ ኣተኩርና፡ ክንርኢ ኢና።

ጐይታ ኢየሱስ ብዙኅ ጊዜን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ወቕትን ቦታን ይጽሊ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ተጻሒፉ ኣሎ። ጸሎት ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ እዩ ክንብል ከለና፡ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣምልኾ ወይ ንኣምላኽ ምግዛእ ማለትና እዩ። ስለዚ ጐይታና ገና ለይቲ ከሎ ኣንጊሁ ብምትንሣእ፡ ኣብ ጽምዊ ቦታ ከይዱ ናብ ኣቡኡ ይጽሊ ነበረ (ማር ፡ 35)። ነታ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ምፍጻም ዘህልኻ መዓልቲ፡ ኣንጊሁ ምስቲ ዝልኣኾ ኣቡኡ ብምዝርራብ ይጅምራ ነበረ። እቲ ክንስዕቦ ዝድለ ዘሎ ኣሰር ድማ እዚ እዩ። ጐይታና ንመዓልቱ ኣንጽሁ ብጸሎት ይጅምራ እንተ ነይሩ፡ ንስኻ ኸ ነዛ ሎሚ እትጥቀመላ ዘለኻ መዓልቲ፡ ብሽመይ ጀሚርካያ ትኸውን፧

ጐይታና ኣብ ኣገልግሎቱ ናብ ሰማይ እናጠመተ የመስግን፡ (ማር 6፡41)፡ ድሕሪ ኣገልግሎት ድማ በይኑ ብሕት ኢሉ፡ ናብ እምባ ብምድያብ ይጽሊ ከም ዝነበረ ዝነግር ጽሑፍ ብዙኅ እዩ (ማር 6፡46)። ነቲ ብርሃን ዝኾነ ብሥራት ወንጌል ናብ ሕዝቢ ዝዝርግሑን፡ ምስኡ ዝኾኑን ደቂ መዛምርቲ ክመርጽ ኣብ ዝደለየሉ ጊዜ ከኣ’ሞ፡ ምድሪ መስዩ ክሳዕ ዝወግሕ፡ ናብ ኣምላኽ ኪጽሊ ምሉእ ለይቲ እዩ ነቒሑ ዝሓደረ (ሉቃ 6፡12)። እቲ ገለ ኣበር ዘይብሉ ንጹሕ ጐይታ፡ ከምዚ ጌሩ ናብ ኣምላኽ እንተ ጸልዩ፡ እቶም ብዘይክኡ ሓንቲ እኳ ክንገብር ዘይንኽእል (ዮሓ 15፡5)፣ እንታይ ክንገብር ከም ዝግባኣና ከመይ ኢሉ ይጠፍኣና!፧ ሎሚ ኣገልገልቲ ኣብ ምሻም ኣቐዲምና ብጸሎት ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዘይሓተትና፡ ንቓል ኣምላኽ ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ክንኣራረበሉ ንውዕል ኣለና።

ጐይታና ኣብ ጌተሰማኒ ዝጸለዮ ድማ ክንክተሎ ዝግብኣና ዓቢ ኣብነት እዩ። እታ ፈታኒት ሰዓት ቅድሚ ምምጽኣ፡ “ንጴጥሮስ ንኽልቲኣም ደቂዘብዴዎስን ምስኡ ተማሊኡ ኪጉህን ኪትከዝን ጀመረ። ሽዑ “ብጓሂ ክሳዕ ሞት በጺሐ ኣሎኹ እሞ ኣብዚ ጽንሑ፡ ምሳይውን ንቕሑ” በሎም። ቀኑብ ርሕቐ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ከኣ ጸለየ፡ “ኣ ኣቦይ! እዚ ዚከኣል እንተኾይኑስ፡ እዛ ናይ መከራ ጽዋዕ እዚኣ ኻባይ ትኅለፍ። እንተኾነ ከም ፍቓድካ ደኣ ይኹን እምበር ከም ፍቓደይ ኣይኹን” እውን በለ፡ (ማቴ26፡37-39)። ነዚ ጸሎት እዚ ቅድሚ እቶም ኣስያፍን ኣባትርን ዝሓዙ ምምጽኣም እዩ ጸልይዎ። ነዚ ነገር እዚ ብግብሪ ምስ ፈጸመ እዩ ድማ፡ “እምበኣር ናብ ፈተና ከይተኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን፡ መንፈስ ድልዊ እዩ፡ ሥጋ ግና ድኹም እዩ” ብምባል መልእኽቱ ዘሕለፈ፡ (ማቴ 26፡41)።

ጐይታና ኣብቲ ብሥጋ ዝነበረሉ ዘመን ኣዝዩ ብዙኅ ጸሎት’ዩ ጸልዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ነቢብካ ምርዳእ ድማ ንነባቢ ንገድፎ። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ ዓሰርተው ሾብዓተ ካብ ዝርከብ ጸሎት ግና ገለ ክንድህስስ። ሓፈሻዊ ስእሊ ንምታዝ፡ ነቲ ትሕዝቶ፡ ኣብ ሠለስተ ከፊልና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ጐይታና ኣብዚ ክፍሊ እዚ ቅድም ስለ ገዛእ ርእሱ፡ ደሓር ስለ ደቀ መዛሙርቱ፡ ቀጺሉ ድማ ስለ ኵሎም ኣመንቲ እዩ ጸልዩ። ነቲ ምዕራፍ ብኽምዚ ክንከፍሎ ንኽእል ኢና፡-

1. ዮሓ 17፡1-5 ስለ ገዛእ ርእሱ፣
2. ዮሓ 17፡6-19 ስለ ደቂ መዛምርቱ፣
3. ዮሓ 17፡20-26 ስለ ኵሎም ኣመንቲ ዝተጸለየ ጸሎት እዩ።

ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ ዓሰርተው ሾብዓተ ብምልእታ፡ ጐይታ ዝጸለዮ ትጎዝቶ ጥራይ እያ ጒዛ ዘላ። ንሱ ብግብርን ብቓልን ኪኢላ መምህር ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ክኽውን ዘለዎ ብግብሪ ምስ ፈጸሞ’ዩ፡ ከምዚ ግበሩ ዝብል። እግሪ ደቂ መዛሙርቲ ይሓጽብ እሞ፡ ከምዚ ኣባይ ዝርኣኽሞ ጌርኩም እግሪ ብጾትኩም ሕጸቡ ይብል። ብዘይ ቅድመ ኵነት ክሳዕ ሞት የፍቅር እሞ፡ ከምቲ ኣባይ ዝርኣኽሞ ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ ኢሉ ከኣ ይእዝዝ። ኣቐዲሙ ምስ ጸለየ ድማ ክንጽሊ ነጊሩና።

ንሕና ድማ ካብዚ ዓቢ መምህር ተማሂርና፡ ስለ ገዛእ ርእስናን፡ ቤተ ክርስትያናን፡ ስለ ኵሎም ኣመንትን ክንጽሊ፡ ግዴታ ኣለና። እዚ ብምግባርና ተረባሕቲ ንሕና ኢና። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ ናብ ጢሞቴዎስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ “ቅድሚ ኵሉ ምህለላ፡ ጸሎት፡ ምምላድ፡ ምስጋና፡ ምእንቲ ኵሉ ሰብ ኪግበር እምዕድ ኣሎኹ። ብመንፈሳውነትን ብኽብርን፡ ህዱእን ሰላማውን ዝኾነ ሕይወትን ምእንቲ ክንነብር ከኣ ምእንቲ ኵሎም ነገሥታትን ሰብ ሥልጣንን ጸሎት ይገበር” ይብል (ፈጢሞ 2፡1-2)። ኣብዚ እቲ ሓዋርያ ንሕና ‘ብመንፈሳውነትን ብኽብርን፡ ህዱእን ሰላማውን ዝኾነ ሕይወትን ምእንቲ ክንነብር’ ንጸልየሎም እዩ ዝብል ዘሎ። ስለዚ እቲ ንኻልኦት እንጽልዮ’ውን ብተዘዋዋሪ ንሕና ክንጥቀም እዩ። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሕና፡- ሓደ ክንከውን፡ ካብ ዓለም ክንሕሎ፡ ክንቅደስ፡ ብሓድነት ፍጹማን ክንከውን፡ ወዘተ፡ ምእንታና ጸልዩ።

ኣብ ዕብራውያን ምዕራፍ ሓሙሽተ፡ ብዛዕባ ጐይታ ከም ዝጸለየን፡ ጸሎቱ ከም ዝተሰምዐን ተጻሒፉ ኣሎ። “ኢየሱስ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኸሎ፡ ናብቲ ኻብ ሞት ኬድጎኖ ዚኽእል፡ ብብርቱዕ ገዓርን ንብዓትን፡ ጸሎትን ምህላላን ኣቕረበ። ንኣምላኽ ዚእዘዝ ስለ ዝነበረ ኸኣ ተሰምዐ። ወዲ ኣምላኽ እኳ እንተ ኾነ፡ በቲ ዝተቐበሎ ስቓይ እዙዝ ምኳን ተማህረ። ዕዮኡ ምስ ፈጸመ ድማ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኵላቶም ናይ ዘለዓለም ድኀነት ምኽንያት ኮኖም” (ዕብ 5፡7) ይብል። ልክዕ ንሕና ድማ ካብ መምህርና ተማሂርና፡ ስለገዛእ ርእስናን፡ ስለካልኦትን፡ ጸሎትን ምህላላን ከነቕርብ ኢና ተኣዚዝና። ፍቓድ ኣምላኽ ክንገብር እቲ ንኵሉ ዝምርምር መንፈስ ቅዱስ ንውሽጥና የነቓቕሕ!

ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ብኵሉን ኣብ ኵሉን፡ ብሓደ ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስጋና ይኹን! ኣሜን።

ቃለ እግዚኣብሔር ከም ምግብን ሕይወትን

ሀ. ቃለ እግዚኣብሔር ከም ሕይወት

ቃለ እግዚኣብሔር፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብብዙኅ መረዳእታን ምሳሌታትን እዩ ቀሪቡ ዘሎ። ከም ሕይወት፡ ከም ብርሃን፡ ከም ማይ፡ ከም ምግቢ፡ ከምዘርኢ፡ከምመስትያት፡ ከም መዶሻ፡ ከም ሓዊ፡ ከም ኣጽዋርን ከምኡ ኸኣ ከም ክቡር ማዕድንን። ኣብዚ ኅታም'ዚ፡ ቃል እግዚኣብሔር ከም ሕይወትን ከም ምግብን ዚብል ከነቐርብ ኢና።

ሰብ ካብ ሕይወት ንላዕሊ ዜብህን፡ ካብ ሞት ንላዕሊ ኸኣ ዜፍርሆ ኻልእ ዋላ ሓንቲ የልቦን። እግዚኣብሔር ሕይወት ከም እነፍቅር ገይሩ'ዩ ፈጢሩና። ንሕይወት ከም እነፍቅራ ጌርና ንቓሉ ምእንቲ ኸነፍቅሮ ድማ፡ ቃሉ ሕይወት ከም ዝኾነ ገለጸልና። ስለ'ዚ ሓደ ብኣምላኽ ከም ዝተፈጥረን ሕይወት ከም ዝረኸበን ዚኣምን ሰብ፡ ክንዲ'ቲ ንሕይወት ዜፍቅራ ገይሩ፡ ነቲ ሕይወት ዚኾኖ ቓል እግዚኣብሔር፡ ኬፍቅሮ ትጽቢት ይግበረሉ። ከምኡ ኺገብር እንተ ዘይከኣለ ግና፡ ናይ'ታ ዚነብራ ዘሎ ሕይወት ትርጉም፡ ተረዲእዎ ኽትብል ኣዘዩ ዜጸግም'ዩ።

ጐይታና ነቲ እኩብ ህዝቢ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ ምስ ወድኣ፡ "መንፈስ'ዩ ሕያው ዚገብር፡ ሥጋስ ገለ'ኳ ኣይጠቕምን'ዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት መንፈስ'የን፡ ሕይወት'ውን'የን" ብምባል ዛዘመ፡ (ዮሓ 6፡63)። እዚ ቓል'ዚ ድማ፡ እቲ መንፈስ ዝኾነ ቓላቱ፡ ሕይወት ከም ዚኾነላናን የረጋግጸልናን ኣሎ።

ቃል ወንጌል ኣብ ምድሪ እስራኤል ብፍጥነት ኪሰፍሕ ምስ ጀመረ፡ እቶም ግቡዛት ፈሪሳውያን፡ ንሓዋርያት ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎም። ጐይታና ግና መልኣኹ ልኢኹ፡ ካብ'ቲ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ኣውጽኦም'ሞ፡- "ኪዱ፡ ኣብ ቤት መቕደስ ደው ኢልኩም፡ ነዚ ኹሉ ቓል ሕይወት ንገሩ" ብምባል ድማ ኣዘዞም (ግብ 5፡17-20)። ስለ'ዚ ኸኣ ንሳቶም'ውን ነቶም ምእመናን፡ ነዚ ቓል ሕይወት ኣጽኒዖም ኪሕዝዎ ይምዕድዎም ነበሩ።

ንሰብ ፊሊጶ ኣብ ዝተጻሕፈ መልእኽቲ ንመረዳእታ፡ "ነቲ ቓል ሕይወት ኒዝኩም በታ መዓልቲ ክርስቶስ ንትምክሕተይ ምእንቲ ኽትኩኑ፡ ኣብ ማእከል እዚ ቔናንን ጠዋይን ወለዶ እዚ መንቅብ ዜብሎምን ግሩሃትን፡ ሕፍቲ ዜብሎም ውሉድ ኣምላኽ ኴንኩም፡ ከም ብርሃናት ኣብ ዓለም እትበርሁ ምእንቲ ኽትኩኑ፡ ንኹሉ ብዘይምጕርምራምን ብዘይውልውልን ግበርዎ" እናበለ ይምዕዶም (ፊሊ 2፡16)።

ቀዳማይ ሰማዕት ቅዱስ እስጢፋኖስ፡ ንመጀመርታ ጊዜ ቓለ ሕይወት ካብ እግዚኣብሔር ዝተቐበለ፡ ነብዩ ሙሴ ምኻኑ፡ ተዛረበ፡ (ግብ 7፡38,9)። ነብዩ ሙሴ ንሕዝቡ፡- "እዚ ኣነ ሎሚ ዝምስክረልኩም ዘለኹ ኹሉ ቓላት ንደቅኹም ተጠንቂቖም ኪገብርዎ ኽትእዝዝዎም፡ ኩሉ ቓላት'ዚ ሕጊ'ዚ ኣብ ልብኹም ኣንብርዎ። እዚ ነገር (ቃላት) እዚ ሕይወትኩም'ዩ'ምበር ከንቱ ነገር ኣይኰነን፡ ኣብ'ታ ንስኻትኩም ክትወርስዋ ንዮርዳኖስ እትሳገርዎ ዘለኹም ምድሪ ድማ በዚ ነገር'ዚ መዓልትታትኩም ተንውሑ" ኢሉ መዓዶም፡ (ዘዳ 32፡46,47)።

እቲ ልዕሊ ኹሎም ጠቢባን ምድሪ፡ ጥበብ ዝተዓደሎ ንጉሥ ሰሎሞን'ውን፡- "ካብ'ታ እክይቲ ሰበይቲ፡ ካብ'ታ ልዙብ ዝመልሓሳ ኣመንዝራ ኺባልሃካስ፡ ትእዛዝ መብራህቲ'ዩ፡ ሕጊ ኸኣ ብርሃን'ዩ፡ ተግሳጽ ትምህርቲ ድማ መገዲ ሕይወት'ዩ'ሞ፡ እንተ ኸድካ፡ ይመርሓካ፡ በጥ እንተ በልካ፡ ይሕልወካ፡ እንተ ነቓሕካ ድማ፡ የዛርበካ" ብምባል ሕይወትነት ናይ ቃል እግዚኣብሔር ግሩም ገይሩ ገሊጽዎ ኣሎ (ምሳ 6፡22-24 ምሳ 2፡1-2፣ 4፡20-22)።

ቃል እግዚኣብሔር ሕይወት ምኻኑ ብግብሩ'ዩ ዚፍለጥ። እዚ ኹሉ ኣብ ምድሪ ዘሎ ሕያው እንስሳን ኣትክልትን ዝፈጠረ ናይ እግዚኣብሔር ቃል'ዩ። እቲ እግዚኣብሔር "ይኹን" ኢሉ ዝተዛረቦ ቓል'ዩ ንግዑዝን ንሕያውን ፍጥረት ኩሉ ናብ ህላወ ዘምጽኦ። ስለ'ዚ ናይ ሥጋዊ ሕይወትና ኼነ ናይ መንፈሳዊ ሕይወትና ምንጪ ቓል እግዚኣብሔር'ዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ጐይታ፡- "ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ ኩሉ ቃል'ምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን'ዩ" ኢሉ ነቲ ኺፍትኖ ዝመጸ ሰይጣን ብምግናሕ ንኣና ዓብዩ ትምህርቲ መሃረና (ማቴ 4፡4)።

ዝኾነ ቓል እግዚኣብሔር ሰሚዑ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ብሥጋ ብሕይወት ኪመላለስ እንርእዮ፡ እቲ ሕይወቱ ኸተብቅዕ ዚእዝዝ ቃል ካብ ኣፍ ኣምላኽ ክሳዕ ዚወጽእ ጥራይ'ዩ። ጐይታና ኢየሱስ በቲ ኻብ ኣፉ ዚወጽእ ናይ ሕይወት ቃል'ዩ ነቲ ንኣርባዕተ መዓልታት ሞይቱ ዝጨነወ ናይ ኣልኣዛር ሬሳ ሕይወት ዝዘርኣሉ (ዮሃ 11፡38-40)። እቶም ኣብ ጐላጐል ተሰጢሑ ዝነበረ ንቕጽ ዓጸጽምቲ ህዝቢ እስራኤል፡ ካብ ኣፍ ናይ'ቲ ነብዩ ብዝወጽአ ቓል'ዩ ዓጽሚ ናብ ዓጽሙ ተቐራረቡ፡ ጅማውትን ስጋን ቈርበትን ለቢሱ ሕይወት ኪረክብ ዝኸኣለ (ሕዝ 37፡1-10)።

ቀንዲ ምንጪ መንፈሳዊ ሕይወት'ውን ንሱ'ዩ። ብዘይ ቃሉ ኺንበር ዚኽእል መንፈሳዊ ሕይወት የልቦን። እቲ ብመንፈሳውነቱ ዝተመስከረሉ፡ "ዝኸም ልበይ" ዝተባህለ ቕዱስ ዳዊት፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ብዝነበሮ ፍቕርን ክብርን፡ ኪዳረጎ ዚኽእል ዋላ ሓደ ቅዱስ የልቦን። ካብ ቃል እግዚኣብሔር ዝረኸቦ ረብሓታት ማእለያ'ኳ እንተ ዘይነበሮ እቲ ልዕሊ ኹሉ ዚስራዕን ነቲ ኻልእ ረብሓታት ኬስተማቕር ዜኽእሎ ዝዓበየ ረብሓኡ ሕይወት ረኺቡ ሕያው ምኻኑ'ዩ። ስለ'ዚ ድማ ናይ ኩሉ ጊዜ ጸሎቱ "ከም ቃልካ ሕያው ግበረኒ" ዚብል ነበረ፡ (መዝ 119፡25, 37, 40, 93, 107, 149, 154, 156)። ከምቲ ኣዘውቲሩ ዚልምኖ ዝነበረ እቲ ሕያው ቃል ንዕኡ'ውን ሕያው ስለ ዝገበሮ፡ "ቃልካ ሕያው ገይሩኒ'ዮ'ሞ እዚ ኣብ መከራይ መጸናንዕየይ'ዩ፡" ኢሉ ኣመስገነ (መዝ 119፡50)።

እምበኣር ንሕና'ውን ነዚ ሕያውን ወሃቢ ሕይወትን ዝኾነ ቓሉ ኸነፍቅሮ፡ ክንፈልጦ፡ ክእንዘዞን ክንምህሮን ይግብኣና።

ለ. ቃለ እግዚኣብሔር ከም ምግቢ

ብዛዕባ ኣገዳስነት ምግቢ ዘሎና ኣረኣእያ እግዚኣብሔር ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዚፈልጥ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ንሱ ዚህበና ቓሉ ምእንቲ ኺርድኣና፡ ንቓሉ ብምግቢ መሲሉ ገሊጹልና ኣሎ። ነብዩ ሙሴ፡ ነቲ እስራኤላውያን ብምድረ በዳ እናጠመዮን እናጸምኡን ኪጐዓዙ እግዚኣብሔር ዝፈቐደሉ ምኽንያት ኪገልጽ ከሎ፡ "ሰብ ካብ ኣፍ እግዚኣብሔር ብዚወጽእ ኹሉ ቓል ደኣ'ምበር ብእንጌራ ጥራይ ከም ዘይነብር፡ ምእንቲ ኼፍልጠኩም ንሱ ኣዋረደኩም፡ ኣጥመየኩም፡ ንስኻትኩም ዘይፈለጥኩምዎ ማና ኸኣ ኣብልዓኩም" ብምባል ጸሓፈ፡ (ዘዳ 8፡3)። ጐይታና ኢየሱስ፡ ነቲ ብቓል እግዚኣብሔር ጌሩ ኪፍትኖ ዝመጸ ድያብሎስ ኣብ ምምካት፡ ነዚ ጥቕሲ'ዚ፡ ተጠቕመሉ፡ (ማቴ 4፡4)።

ነብዩ ሕዝቕኤልን ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስን፡ ነቲ ጽሑፍ ቃል፡ ማለት ንቓል እግዚኣብሔር ኪበልዕዎ ተኣዘዙ፡ (ሕዝ 2፡8፣

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል

ሥሉሳዊ ትእዛዛት

ቀዳማይ ክፋል

ዲያቆን ፍጹምብርሃን ታደለ

ቃል እግዚኣብሔር፡ ወዲ ሰብ ብኣምሳል ሥላሴ ከም እተፈጥረን፡ ምስ ገዛእ ርእሱን፡ ምስቲ ዝፈጠሮን ምስቲ ምስ ከምኡ ዝተፈጥረን፡ ከመይ ዝበለ ዝምድና ኪህልዎ ከም ዚግባእ፡ ብንጹር ጽሒፍዎ ይርከብ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል፡ ከባቢ 613 ትእዛዛት ክህቦም ከሎ፡ እቶም ትእዛዛት፡ ናብ ሠለስተ ክፋል ኪምቀሉ ዚኽእሉ ነበሩ።

እቲ ሓደ ክፋል፡ ሰባት ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ከመይ ጌሮም ከም ዘምልኽዎ ዚነግር እዩ። ንመረዳእታ፡ "ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይህልዉኻ" ዚብል ምጥቃስ ይክኣል፡ (ዘጸ 20፡3)። እቲ ካልኣይ ክፋል፡ ገዛእ ርእሶም ከመይ ኢሎም ብቕድስናን ጽድቅን ኪነብሩ ከም ዚግብኦም ዚነግር እዩ። ንመረዳእታ፡ "ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ" ዚብል ምጥቃስ ይክኣል፡ (ዘሌ ፲፡4)። እቲ ሣልሳይ ክፋል ድማ፡ ምስ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሰብ ብኽመይ ኪነብሩ ከም ዘለዎም ዜመልክት ነበረ። "ንብጻይካ ኣይትጽቀጦን ኣይትዘርፎን፡ ወይ ውዕለት ወዓላይ ክሳዕ ብጊሓት ምሳኻ ኣይሕደር፡" ዚብል ንመረዳእታ ምጥቃስ ይክኣል፡ (ዘሌ 19፡13)።

እቲ ትእዛዛት፡ ክትገብሮ ዘሎካን (ከባቢ 248) ክትገብሮ ዘይብልካን (365) ይጠቅስ። ኣብዚ ጊዜ እዚ፡ ገለ ካብቲ ትእዛዛት፡ ፈጺሙ ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ። ንመረዳእታ፡ ነቲ እስራኤላውያን ብዛዕባ ዜንግሥዎ ንጉሥ ዝተዋህቦም ትእዛዝ ክንጠቅስ ንኽእል፡ "ሓንትስ፡ ኣፍራስ ደኣ ኣየብዝጎ፡ ኣፍራስ ምእንቲ ኬብዝጎ ኢሉ ኸኣ፡ ነቲ ሕዝቢ ናብ ግብጺ ኣይምለሶ። እግዚኣብሔር፡ ድሕሪ ደጊም ነዛ መገዲ እዚኣ ኣይትመለስዋ፡ ኢልኩም እዩ" ዚብል ትእዛዝ'ዩ ተዋሂብዎም ዝነበረ፡ (ዘዳ 17፡16)።

ካልእ ድማ ጐይታና ኢየሱስ፡ ነቲ መሥዋዕቲ ባዕሉ ስለ ዝፈጸሞ፡ ሕጂ ኪሰርሕ ዘይክእል ትእዛዝ እዩ። "ማለት ክህነት ካብ ዚልወጥ፡ ምልዋጥ ሕጊ'ውን ብግዲ ኪኸውን እዩ። እቲ ብዛዕባ እዚ እተባህለሉ፡ ኻብ ካልእ ዓሌት እዩ፡ ካብቲ ዓሌት እቲ ሓደ እኳ ኣብ መሠውዒ ዘገልገለ የልቦን። ጐይታናስ ካብ ይሁዳ፡ ሙሴ ብናይ ዓሌት ካህናት ሓንቲ እኳ ዘይተዛረበሉ ዓሌት ከም ዝወጸ፡ ፍሉጥ እዩ። ሕጂ ኸኣ ዝበለጸ ግሉጽ እዩ፡ ብተምሳል መልከጼዴቅ ካልእ ካህን ካብ ዚትንሥኣሲ፡ንስኻ ኸም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለዓለም ካህን ኢኻ፡ ኢሉ ተመስኪሩሉ እዩ እሞ፡ ብዘይሐልፍ ኃይሊ ሕይወት እምበር፡ ከም ሕጊ ሥጋዊ ትእዛዝሲ ካህን ኣይኮነን። እቲ ዝሐለፈ ትእዛዝ፡ ድኹምን ዘይጠቅምን ስለ ዝኾነ እዩ እተሳዕረ፡ ሕጊ ንሓደ እኳ ኣብ ፍጻሜ ኣየብጽሖን፡ ግናኸ ናብ ኣምላኽ እንቐርበላ፡ እትሐይሸ ተስፋ ኣተወት። እዚ ግና በቲ፡ እግዚኣብሔር፡ ንስኻ ኸም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለዓለም ካህን ኢኻ፡ ኢሉ መሐለ ኣይጠዓስን ከኣ እዩ፡ እተባህለሉ ማሕላ እዩ። እዚኣ ድማ ብዘይ ማሕላ ኸም ዘይኮነት፡ እቲኣቶምሲ ብዘይ ማሕላ ኻህናት ኮኑ፡ ከምኡ ድማ ኢየሱስ መድኅን ዝሑሸ ኺዳን ኮነ። እቲኣቶምሲ ኸይነብሩ ብሞት ስለ እተኸልከሉ፡ ብዙኃት ካህናት ነበሩ።እዚ ግና ንዘለዓለም ዚነብር ስለ ዝኾነስ፡ ዘይሐልፍ ክህነት አሎዎ። ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድጎኖም ይኽእል እዩ። ከምዚ ዝመሰለ ኽፍኣትን ርኽሰትን ዜብሉ፡ ካብ ኃጥኣን እተፈልየ፡ ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ ኻህናት ኣድለየና" ዚብል ምጥቃስ ይክኣል (እብ 7፡¨12-15)።

እቲ ዝተረፈ ትእዛዛት፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ከረን ኮይኑ ኪምህሮም ከሎ፡ መሊሱ ዘትረሮን ዜዕሞቕን እዩ። ንመረዳእታ፡ "ነቶም ቀዳሞት፡ ኣይትዘሙ፡ ከም እተባህለሎም፡ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ንሰበይቲ ኺብህጋ ዚጥምታ ዅሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፡ እብለኩም ኣሎኹ" ዚብል ምጥቃስ ይክኣል፡ (ማቴ 5፡27-28)።

ጐይታና ኣብ ምዕራፍ 5 ናይ ወንጌል ማቴዎስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ካብ ትምህርቲ ፈሪሳውያን ኪሕለዉ መሃሮም። ቀጺሉ ድማ ኣብ ምዕራፍ 6፡ ካብ ሕማቕ ልምድታቶም ክሕለዉ ኪምህሮም ጀመረ። ኣብዚ ምዕራፍ እዚ፡ ማለት ኣብ ምዕራፍ 6 ወንጌል ማቴዎስ፡ ክልተ ዓበይቲ ኣርእስታት እዮም ተጠቒሶም ዘለዉ፡-

1. "ብሰብ ምእንቲ ክትርኣዩ ኢልኩም ጽድቅኹም ከይትገብሩ ተጠንቀቑ" ዚብል ንግበዝና ዚምልከት ክፋል (ካብ 1-18 ዘሎ)
2. "ልብኻ ኣብ ዘለዎ መዝገብካ ኣብኡ ኣሎ" ዚብል ንዓለማዊ ስነ ሓሳብ ዚምልከት ክፋል (ካብ 19-መፈጸምታ ዘሎ)። በብሓደ ንርኣዮም፡-

1. ግብዝና

ግብዝና ማለት ንሰብ ዘይኮንካዮ ኴንካ ክትርኢ ምፍታን ማለት እዩ። መበቆል ናይ'ዚ ቃል'ዚ፡ ኣብቲ ጊዜ እቲ ኣብ ገጽካ ማስኬራ ብምግባር (ገጽካ ብኻልእ መልክዕ ብምኽዋል) ካልእ ክትመስል ምፍታን፡ ካብ ዚብል ዝተወስደ ምኺኑ፡ መምሃራን መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረቡ። ግብዝና፡ ንሰብ ዘይናቱ መልክዕ ስለ ዝህቦ፡ እቲ ሓቀኛ መልክዑ ከይተፈልጠ፡ ንዝተወሰነ እዋን ክጸንሕ ይኽእል እዩ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ከምቲ ኣቦና ኣዳም፡ በደል ምስ ገበረ ንዕርቃኑ ብዝረግፍ ቄጽሊ ዝሸፈነ፡ ከምኡ ንሕማምካ ብዝረግፍ ቄጽሊ ክትክውሎ ምፍታን እዩ። ንኃጢኣትካ ከዊልካዮ ማለት ግና፡ እቲ ኃጢኣት ይርሕቕ ማለት ኣይኮነን። ጽድቅን ንጽሕናን ኣብ ምኽዋል ገበን ዘይኮነስ፡ ናብ ብርሃን ምውጽኡን ምጽራዩን እዩ። "ግናኸ እቲ ግሁድ ዘበለ፡ ንሱ ብርሃን እዩ እሞ፡ ኵሉ ዚግናሕ ዘበለ በቲ ብርሃን ይገሃድ እዩ" (ኤፌ 5፡13) "ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፡ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፡ ንሓድሕድና ኅብረት አሎና፡ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ'ውን ካብ ኵሉ ኃጢኣት የንጽሃና እዩ" (1ዮሃ 1፡7)።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ ሰብን ዘሎና ሕይወት፡ በበይኑ እንተድኣ ኾይኑ፡ ዓስብና ካብ ምድሪ ከም ንቕበሎ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህረና። ግብዝና፡ ነቲ እኣምነሉ እየ እትብሎ ነገር፡ ዚጻረር ግብሪ እናገበርካ፡ ናይቲ እኣምነሉ እየ እትብሎ ዓስቢ ክትረክብ ምድላይ እዩ። ንኣብነት፡ ፈሪሳውያን ጸሎት ዜንውሑ ዝነበሩ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ጸለይትን ቀረባ ኣምላኽ ምኳኖምን ምእንቲ ኬርእዩ እዮም። እቲ ቀንዲ ዕላማ ጸሎት ግና፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቕም እምበር፡ ንሰብ ንምርኣይ ኣይኮነን። ካልእ ኣብነት ምስ እንወስድ ድማ፡ ብልብኻ ንሰብ እናጸላእካዮን እናተቐየምካሉን፡ ካብ ኣምላኽ ምሕረት ምድላይ እዩ። ቅዱስ ሓዋርያ ጴጥሮስ "ከም ውጹኣት ሓራ፡ ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ እምበር፡ ከምቶም ነቲ ሓርነትሲ መጐልበቢ ኽፍኣት ዚገብርዎ ኣይትኹኑ" ብምባል፡ ይምዕደና።

ኣብ ዚሰዕብ ጎታም ይቕጽል

ቀዳማይ ዝኽሪ ዓመት ቆሞስ ቀሺ አርኣያ ተስፋ



ቀዳማይ ዝኽሪ ዓመት ሞት ክቡር ቆሞስ አርኣያ፡ ኣብ ጎቡራት ኣሜሪካ ክፍለ ግዝኣት ደንቨር ከተማ ኮሎራዶ፡ ብጸሎተ ፍትሓት ተዘኪሩ ከም ዝወዓለ፡ ካብቲ ቦታ ዝመጸ ሓበሬታ ኣመልኪቱ'ሎ። ኣብቲ ንዝኽሪ ኣቦና ቆሞስ አርኣያ ዝተዳለወ ጽሑፍ፡ ቆሞስ አርኣያ፡ “ካብቶም ቀኒናዊ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ዝመሥረቱን ብጽንዓት ደው ኢሎም መኪቶም ዝተቓለሱን ቀንድን ቀዳማይን ብዓል ጽኑዕ መትከል” ብምባል ጠቒስዎም ኣሎ።

ካብ ገጽ 3 ዝቕጸለ

ኣብ ወለዶ ጐይታና ዝተጠቕሳ አርባዕተ ኣንስቲ

ከም ዘይወርሳ ተዛረበ። ስለዚ ድማ እቲ ኣቐዲምና ዛንታኡ ዝረኤናዮ ካብ ራኬብ እተወልደ ቦኣዝ፡ ንሩት ሰበይቱ ክትከውን ወሰዳ። እቲ መጽሓፍ ወለዶ ጐይታና ክቕጽል ከሎ እምበኣር " ቦኣዝ ካብ ሩት ንእዮቤድ ወለደ" ይብል (ማቴ 1.5)።

ባትሴባ ካብ ዳዊት ዝወለደት ሰይቲ ኡርያ

ንግሥቲ ክንሳ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ግና "ሰይቲ ኡርያ" ብምባል'ዩ ኣብቲ መጽሓፍ ወለዶ ጐይታና ሰምይዋ ዘሎ። ንጉሥ ዳዊት፡ ባትሴባ ክትሕጸብ ከላ ኣማዕድዩ ስለ ዝረኣያ ጥራይ፡ ኣጸዊው ምስኣ ደቀሰ። ድላይ ልቡ ድጎሪ ምፍጻሙ ድማ ንቤታ ሰደዳ። እቲ ኡርያ እተባህለ ሰብኣይ ባትሴባ፡ እሙን ወተሃደር ንጉሥ ኮይኑ እናተዋግአ ከሎ'ዩ፡ ንጉሥ ዳዊት ንባትሴባ ዓሚጹ ንቤታ ዝሰደዳ።

ንሳ ከም ዝጠነሰት ንንጉሥ ሓበረቶ። ንጉሥ ዳዊት ገበኑ ኪኽውል ብምሕሳብ፡ ንኡርያ ካብ ቦታ ውግእ ስሒቡ፡ ናብ ቤቱ ክኸይድ እሞ ኣብ ቤቱ ኪዓርፍ ኣዘዘ። ኡርያ ግና ናብ ቤቱ ምኻድ ኣበየ። ንጉሥ ተቕጢው ኣብቲ ኩናት ከም ዝቕተል ገበሮ። ኡርያ ምስ ሞተ፡ ንጉሥ ዳዊት ንባትሴባ፡ ሰበይቱ ክትኮኖ ናብ ቤት ንጉሥ ኣምጽኣ። እግዚኣብሔር ብምኽንያት እዚ ኃጢኣት እዚ ንቤት ዳዊት ቀጽዓ። ዳዊት ብልባዊ ጣዕሳ ዝተናስሐ ኣብ መዝሙር 51 ዝርከብ ፍሉጥ ጸሎት፡ ናብ ባትሴባ ድጎሪ ምእታዉ እሞ፡ እግዚኣብሔር ድማ ብነብዩ ናታን ጌሩ ንልቡ ምስ ረትዖ ዝጸለዮ እዩ።

እቲ ቀዳማይ ቁልዓ ስለ ዝሞተ፡ ንጉሥ ዳዊት ካብ ባትሴባ ዝወለዶ ካልኣይ ውሉድ፡ እቲ ብድጎሪ ዳዊት ዝነገሠ፡ ሰሎሞን እዩ። ኣብቲ መጽሓፍ ወለዶ ጐይታና ኢየሱስ ድማ፡ ኣብ ላዕሊ ከም ዝጠቕስናዮ፡ ሩት ንእዮቤድ ወለደት፡ ኢና ኢልና ኔርና። "እዮቤድ ንእሴይ ወለደ። እሴይ ንንጉሥ ዳዊት ወለደ፡ ንጉሥ ዳዊት ካብ ሰበይቲ ኡርያ ንሰሎሞን ወለደ" ይብል፡ (ማቴ 1.5-6)።

ብሥራተ ወንጌል

እኒ ኣዴና ሳራን ርብቃን ራሄልን ወዘተ ዘይተጠቕሳን እዚ ዛንታኣን ዘይጥዑም ዝመስል ግና ኣብቲ ዝኸበረ ሓረግ ወለዶ ጐይታና ስመን ተጠቒሱ ምርካቡ፡ ንዓና እንታይ መልእኽቲ'ዩ ዘሕልፈልና፡

እቲ ንዮሴፍ ብሕልሚ ዝተገልጸሉ መልኣኽ "ወዲ ኽትወልድ እያ፡ ንሱ ኸኣ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ኬድኅኖም እዩ እሞ፡ ስሙ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኻ" በሎ፡ (ማቴ 1.21)። እቲ ልደት ጐይታና ንጓሶት ዘበሥረ መልኣኽ ድማ "እንሆ፡ ሎሚ መድኃኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ስለ ዘሎ፡ -ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፡- ንኹሉ ሕዝቢ ዚኸውን ዓብዪ ሓጐስ ኤበሥረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ" በሎም (ሉቃ2.10)።

ኃጢኣት ዘሰነፈና እሞ ዘይግቡር ዝገበርና፡ ኣብ ፍጹም ዕንወትን ውድቀትን እንርከብ ዘበልና፡ ብንስሓ እንተተመለስናስ፡ እቲ ነዘን ኣርባዕተ ደቀንስትዮ ዘኽበረ ኣምላኽ፡ ሎሚ'ውን እታ እትምሕር ኢዱ ንኽትምሕረና ድልውቲ እያ።

ብርሃነ ልደቱ፡ ናብ ሕይወትና ብርሃን ሒዙ ክኣቱ ቅዱስ ፍቓዱ ይኹን።

ኣብ ከተማ ካልጋሪ ቀኖናዊ ቤተ ክርስቲያን ተመሥረታ

እንጦንዮስን እትምእከል ኣብ ሃገረ ካናዳ ክፍለ ግዝኣት ኣልበርታ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስን ቅድስና ኣቡነ ቤተ ክርስቲያን፡ ካብ መወዳእታ ወርሒ ታኅሣሥኣትኒዛ፡ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተባረኸ ጽላት መድኃኔ ዓለም ካልጋሪ፡ ካብ 28 ሕዳር 2021 ኣትሒዞም'ኳ ብወግዒ ከም ቤተ ክርስቲያን ተጠርኒፎም እንተጸንሑ፡ ኣገልጋሊ ካህንን ጽላትን ስለ ዘይጸንሖም ግና፡ ስሩዕ ኣገልግሎት ቅዳሴን ምፍጻም ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያንን ክህልዎም ብሃረርታ ኪጸባበዩ ከም ዝጸንሑ፡ ኪፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።







ካብ ገጽ 7 ዝቕጸለ

ጉስነት ንኡስ ወለዶን ብድሆታቱን

ነዞም ዝጠቕስናዮም ሠለስተ ጠንቅታት፡ እቲ ምኽንያቶም ምእንቲ ክንፈልጦ፡ ሓደ ብሓደ ቀሩብ ኣስፍሕ ኣቢልና፡ ንርኣዮም፡-

ሀ. መበቈል ትምህርቲ ሰንበት፡ ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ዘይምኽኑ

ከምቲ ዘመናዊ ትምህርቲ ካብ ምዕራባውያን ተለቒሕና፥ ብዙሓት ምሁራት (ደኳትር፡ መሃንድሳት፥ መማህራን፥ ዝተፈላለዩ ሞያተኛታት) ዘፍረናሉን ሕዝብና ዝረብሓሉን፥ ቤት ትምህርቲ ሰንበትውን ብተመሳሳሊ መገዲ ቤተ ክርስቲያን ኪትረብሓሉ ይክኣል እዩ። ካብ ናይ ክርስቲያን ማሕበራት እቲ ዘድልየካ ጸጽብቑ ክትልቃሕ ነውሪ የብሉን። ጀማሪት ቤት ትምህርቲ ሰንበት: ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን እያ። ኣብ 1870 ዓም ሮበርት ራይክስን ፓስተር ቶማስ ስቶክን ንድኻታትን ዘኽታማትን መንእሰያት ንምእላይን ንምምሃርን ቤት ትምህርቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከም ዝመስረቱ ይፍለጥ።

ገለ ምሁራት፥ ነገረ መለኮት ካብ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን፥ ምምሕዳር ካብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን፥ ሜላ ስብከት ካብ ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን ምውሳድ ጠቓሚ ኪኸውን ከምዝኽእል ይዛረቡ። ምስ ናይ ክርስቲያን ማሕበራት ዘራኽበናን ዝፈላልየናን ብንጹር ተቐሚጡ፥ በቲ ዘራኽበና ኃቢርና ክንሰርሕ (ንኣብነት ማኅበር መጽሓፍ ቅዱስ)፥ በቲ ዘይንሰማማዓሉ ትምህርትን ስርዓተ ኣምልኾን ግን፥ ኢድ ምትእትታው ዘይብሉ፥ ፍልልያትና እነኽብረሉ ዝምድና ኪህልወና ይግባእ።

ኦርቶዶክሳውያን ኣገልገልትን ኣመንትን፥ ብኦርቶዶክሳዊ ትምህርቲ ጥራይ እዮም ኪፈርዩ ዝኽእሉ። ኣብዚ እቲ መሠረታዊ ጉዳይ ደቅና ምስ ፈጣሪኦም ዝህልዎም ናይ ኣቦን ውሉድን ዝምድና እዩ። ከምቲ ቅዱስ ቀሌምንጦስ ዝበሎ “ንሕሙም ሓኪም፥ መገዲ ንዝጠፈኦ ሓባሪ፥ ንዓይነ ስዉር፡ ምርኣይ፥ ንጽሙእ፡ ማይ፥ ንምዉት፡ ሕይወት፥ ንኣባጊዕ፡ ጓሳ፥ ንውሉድ፡ ወላዲ የድልዮ። ክርስቶስ ግና ንኹሉ ወዲ ሰብ የድልዮ።”

ወዲ ሰብ: እግዚኣብሔር ጥራይ ዚመልኡ: ሓደ ውሽጣዊ ሃጓፍ ኣሎዎ: ሕይወት ትርጉም ዝህልዎ፡ እዚ ሃጓፍ’ዚ ምልኣት ምስ ዝረክብ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ክንደይ ዝኣኽሉ መነኮሳት (ናይ ጽባሕ ጳጳሳት)፥ ክንደይ ካህናት፥ ክንደይ ዲያቆናት፥ ክንደይ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣገልግሎት ኮይኖም ዘገልግሉ ምእመናን፥ ክንደይ ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ኣትዮም ስለ ቤተክርስቲያንኮም ሕዝቦምን ዝጣበቑ ፍትሓውያንን፥ ውፉያትን ምእመናን ኪፈርዩ ከም እትደሊ ኣቐዲማ ክትዕልም ይግብኣ። ዕላማ ምስ ተቐመጠ ንዕኡ ዘዐውት ሥርዓተ ትምህርቲ፡ ይቕረጽ። በብጊዜኡ ዘጋጥም ጸገማት እናተገምገመ ድማ ውጽኢት ዝርከቦ ምትዕራርራይ ይግበር።

ግብጻዊ ሊቀ ዲያቆናት ሓቢብ ጊዮርጊስ (1876 – 1951) ናይ ቅድስና ማዓርግ ኪውሃብ ካብ ዝበቕዓሉ ሓደ፥ ቤት ትምህርቲ ሰንበት፡ ኦርቶዶክሳዊ ትጎዝቶን ኣካይዳን ኪህልዎ ዝገበሮ ጻዕሪ እዩ። ሎሚ በብደረጅኡን ዕድመን ዝተኸፋፈለ ሥርዓተ ትምህርቲ ስለ ዘሎ፥ ብቤት ትምህርቲ ሰንበት ዝሓለፈ ዘበለ ኩሉ፡ ሓደ ዝዓይነቱን፥ ኃያል ፍቕሪ ኣምላኽን ቤተ ክርስቲያኑን ዘሎዎ፥ ኣቦታቱ ዘኽብር፡ ወለዶ ብምፍራዮም፡ ግብጻውያን፡ ተካእቲ ኣገልገልቲ ንምርካብ ጸገም የብሎምን።

ኣብ ዚቕጽል ጎታም፡ ነቲ ክልተ ጥርዛዊ መርገጺታትን፡ ከምኡ ሽኣ ንኢድ ኣእታውነት ፖለቲከኛታትን ዝምልከቱ ክልተ ካልኦት ጠንቂ ምድኻም ትምህርቲ ሰንበት፡ ኒዝናልኩም ክንቀርብ ኢና።

ካብ ገጽ 10 ዝቕጸለ

ቃለ እግዚኣብሔር ከም ምግብን ሕይወትን

3፡1-3፣ ራእ 10፡8-11)። ነቶም ንቕሉ ዝነዓቕዎ ድማ፡ ስእነት ቃሉ ማዕረ ኽንደይ ከቢድ ጥምየትን ዓጸቦን ከም ዜስዕብ ምእንቲ ኺፈልጡ፡ ቕሉ ኸም ዝኸልኦም ብኣፍ ነብዩ ኣሞጽ ተነግሮም፡- “እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ‘እንሆ፡ ኣነ ናብ’ታ ሃገር ጥምየት ዝሰደለን መዓልትታት ኪመጻ’የን። ንምስማዕ ቃል እግዚኣብሔር እምበር፡ ጥምየት እንጌራን ጽምኢ ማይን ኣይኮነን። ካብ ባሕሪ ናብ ባሕሪ፡ ካብ ሰሜን ናብ ምብራቕ ይኹብልሉ፡ ቃል እግዚኣብሔር ኪደልዩስ ናብዝን ናብትን ይጐዩ፡ ኣይረኽብዎን ከኣ። በታ መዓልቲ ኣቲኣ እተን ጽቡቓት ደናግልን እቶም ኣጉባዝን ብጽምኢ የሕለልዉ።” እቶም ብኃጢኣት ሰማርያ ዚምሕሉ’ሞ፡ ‘ኣታ ዳን፡ ኣምላኽካ ሕያው’ዩ፡ መገዲ ብኤርሸባዕ ከኣ ሕያው’ዩ፡’ ዚብሉ ይወድቁ፡ መሊሶም’ውን ኣይትንሥኡን” ብምባል ከኣ ገለጾ፡ (ኣሞ 8፡11-14)።

ቅዱስ ዳዊት ደጋጊሙ “ቃልካ ኣይትኽልኣኒ” (መዝ 119፡19,29,43)። ነቶም ንቕሉ ብምምጋብን ብምእዛዝን ዘሥመርዎ ድማ፡ ንኣታቶም ጥራይ ዘይኮነ ኻባታቶም ንዚፈርዩ ወለዶታት’ኳ ቕሉ ንዘለዓለም ከም ዘይከልኦም፡ መብጽዓ ይኣትወሎም ነበረ። “ኣነስ ኪዳነይ ምሳታቶም እዚ’ዩ፡” ይብል እግዚኣብሔር፡ እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈሰይን፡ እተን ኣብ ኣፍካ ዘንበርክወን ቃላተይን ካብ ኣፍካ ወይስ ካብ ኣፍ ደቅኻ ወይ ካብ ኣፍ ደቂ ደቅካ ኣይኪርሕቕን’ዮ” (ኢሳ 59፡21)።

እግዚኣብሔር ነቶም ዚስዕብዎን ዚእዘዝዎን፡ ብመጓሰ ኣባጊዕ’ዩ ዚምስሎም፡ (ዮሓ 10.16: መዝ 77.20: መዝ 80.1 ሕዝ 36.38)። ስለዚ ድማ ንሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ “ኣባጊዐይ ኣብልዕን ሓሉን>> ዚብል ትእዛዝ ተዋህቦ፡ (ዮሓ 21።17)።

ቅዱስ ዳዊት፡- “ቃላትካ ንትንሓገይ እምብዛ ጥዑምዩ፡ንኣፈይካብመዓር ዝበለጸ ይምቅራ፡” ኢሉ ኣሎ (መዝ 119፡103)። ኣብ ካብ ሕጂ ኽሳዕ ዘለኣለም ቃል እግዚኣብሔር ከምዚ ዝበለ ኣረኣእያን ፍቕርን ዘይብሉ ሰብ፡ ከም ምግቢ ነፍሱ ኼዘውትሮ ዘሎዎ ተኽእሎ፡ ኣዝዩ ጸቢብ’ዩ። ነብዩ ኤርምያስ’ውን ንቕል እግዚኣብሔር ከም ምግቢ ብምምጋቡ፡ እንታይ ረብሓ ከም ዝረኸበ ኪገልጽ ከሎ፡ “ዎ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሠራዊት፡ ንላትካ ምስ ረኸብኩ በላዕክዎ። ብስምካ ተሰምየ’የ’ሞ፡ ቃላትካ ሓጐሰይን ፍስሃ ልበይን ኮነኒ” ብ’ምባል ገሊጽዎ ኣሎ (ኤር 15፡16)።

ትፈልጡ ዶ፡

ክሪስትማስ “Christmas” ማለት ቅዳሴ ክርስቶስ “Mass of Christ” ማለት እዩ። ዳጎራይ ግና ኬሕጽርዎ ኪብሉ “Christ-Mass” ገበርዎ። “X-mas” – ንመጀመርታ ጊዜ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ 1500ታት – ዝተዘውተረ ኮይኑ፡ እታ ፊደል X ካብታ ብግሪኽ ክርስቶስ Xristos ንምጽሓፍ እተድሊ ቀዳመይቲ ፊደል፡ ዝተወስደት እያ። ስለዚ ኸኣ “X-Mas” ቢሎም ዝጽሕፉ’ውን በዚ ምኽንያት እዚ እዮም።

ጽባቐይ ጥራይ ኣጥፊኤ እንተ ዝኸውን ዶ ጸሊእኪ፡

ዘፍጥረት ምዕራፍ ሓደ ነቢበ፡ ነታ ሸው ዝነበረትን ነዛ ሕጂ ዘላን ምድሪ ሓሰብኩወን። ነቲ ቐዳማይ ኣዳምን ንነፍሰይን’ውን ኣነጻጸርኩ። ኣምላኽ ነታ ”ይኹን” እናበለ ዝሰርሓ ምድርን፡ ነቲ ካብ ሓመድ ምድሪ ዝገበሮ ኣዳምን ሰሪሑ ምስ ወድኡ፡ ”ጽቡቕ ኮነ” እናበለ፡ ብፍጥረቱ ከም ዝተሓጐሰ እየ ነቢበ። ኣምላኽ ዚኣክል፡ ኪንእዶ ዝኽኣለ ጽባቐ ምድርን ኣዳምን!

እቲ ኣብ መጀመርታ “ጽቡቕ ኮነ” እተባህለሉ፡ ደሓር ግና፡ ዋላ’ኳ ኣምላኽ ኣብ ስርሑ ዘይጋገን ዘይጠዓሰን እንተ ኾነ፡ ኣብቲ ቅዱስ ጽሑፍ ከም እንርእዮ ግና፡ ሰብ ብምፍጣሩ ተጣዕሰ፡ (ዘፍ 6)። ነገራት ክገማጠሉ ከለዉስ ክንደይ ይኽፍእ’ዩ ደቀይ፧! ጽቡቕ ኪብል ከም ዘይጸንሔስ፡ ሕጂ ኸኣ ”ተጣዕሰ!” ዚብል እነብብ ኣለኹ። ባዕለይ ንባዕለይ ንነፍሰይ ኣዋጠርክዋ። ”ኣቦይ ኣሎ ጽባቐኺ፡ ኣቦይ ተሰወረ እቲ ምስልኺ፡ ኣቦይ ከ ኸደ እቲ መልክዕኪ፡ ብምባል ድማ ሓተትክዋ። ዝን ኢላ ዝጸንሐት ነፍሰይ፡ “ጽባቐይ ጥራይ ኣጥፊኤ እንተ ዝኸውን ዶ ጸሊእኪ፡” ክትብል ተገምጢላ ሓተተትኒ።

”እዛ እትነብርላ ዘለኺ ምድሪ፡ ከመይ ከም ዝነበረት’ሞ ዘክሪ” ዓይኒ-ዓይነይ እናረኣየት ሓሳባ ኣውሓዘት። ”ገለ ኣበሳ ዘይገበረት ክንሳ፡ ነዛ ንጽሕቲ ምድሪ፡ ለኪመያ! ብሰንከይ ተረጊማ። እሾኹን ተኹርባን ንምብቋል ከኣ ተፈርደት። እቶም ኣዳም ዝንጉሦም፡ ሕያዎት ዝነበሩ እንስሳታት፡ ድጎርዚ ኣፎም ከፊቶም ንኣዳም ኪውሕጡ ጀመሩ።

”ኣቦየ ኣነ ዘየበላሸኽዎ ነገር እንታይ ኣሎ፧ ንስኻ ዘይትእውደኒ’ኽ እንታይ ኣሎ፧” እንታይ ክብርን ምስጋናን ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለምን ንዓኻ ይኹን፡ ኣሜን” ብምባል ድማ ብድድ በልኩ።

ሞኣባዊት ዘኣልማንያ

ኣዛምድ፡ (ሉቃስ ምዕራፍ 2 ነቢብካ ዚምለስ)

1. ___ካብ ቄሳር ኣውግስጦስ ዝወጸ ትእዛዝ
2. __ ናብ ቤት ልሔም ንምብጻሕ ዝተበገሱሉ ዓዲ
3. __ መብልዕ ማል ብቑንቋ ግእዝ እንታይ ይብሃል፡
4. __ ክብሪ ንኣምላኽ፡ ኣበይ፡
5. __ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ፡ ንመን
6. __ቅድስት ድንግል ማርያም ዝገበረቶ
7. __ ኣብ ዓዲ ዳዊት ዝተወልደ መድኃኒ
8. __ ጓሶት ብቑንቋ ግእዝ

ላ. ኵሉ ዓለም ኪጸሓፍ
ኽ. ገሊላ
ሪ. ጎል
ም. ኣብ ላዕሊ
ኣ. ሥምረት ኣምላኽ ዘሎዎም
ብ. ኣብ ልባ ተዋህልሎን ትሓስቦን
ን. ክርስቶስ ጐይታ
ክ. ኖሎት

በዕለተ ሠሉስ ተወልደ

ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ መዓስ’ዩ ተወሊዱ ንዝብል፡ ብዙኅ መግለጺታት እዩ ዝወሃቦ። ዘውገ ምሁራን ይትባረክ በርሀ፡ ኣዳልዮምዋ ኣብ ዘለዉ ሓዳስ መጽሓፍ ነዚ ዝስዕብ ኣስፈሮም ኣለው።

በሓምሳ ወሓምስቱ ምእት ዓመተ ዓለም፡ በዘመነ ዮሓንስ፡ ኣመ ዕሥራ ወተሱዑ ለመጋቢት በዕለተ እሑድ ተጸንሰ

- ብ5500 ዓመተ ዓለም፡ ኣብ ዘመነ ዮሓንስ ብ29 መጋቢት ብዕለተ ሰንበት ተጠንሰ

በሓምሳ ወሓምስቱ ምእት ወኣሓዱ ዓመተ ዓለም ኣው በኣሓዱ ዓመተ ምሕረት፡ በዘመነ ማቴዎስ ኣብ ዕሥራ ወተሱዑ ለታኅሣሥ በዕለተ ሠሉስ ተወልደ

- ብ5501 ዓመተ ዓለም ወይ ብ ሓደ ዓመተ ምሕረት፡ ኣብ ዘመነ ማቴዎስ ብ29 ታኅሣሥ ብዕለተ ሠሉስ ተወልደ

በሠላሳ ወኣሓዱ ዓመተ ምሕረት በዘመነ ሉቃስ ኣመ ዓሡሩ ወኣሚሩ ለጥር በዕለተ ሠሉስ ተጠምቀ

- ብ31 ዓመተ ምሕረት ኣብ ዘመነ ሉቃስ ብ፲፩ ጥሪ ብዕለተ ሠሉስ ተጠምቀ

በሠላሳ ወኣርባዕቱ ዓመተ ምሕረት፡ በዘመነ ማርቆስ ኣመ ዕስራ ወሰቡዑ ለመጋቢት በዕለተ ዓርብ ተሰቅለ

- ብ34 ዓመተ ምሕረት ኣብ ዘመነ ማርቆስ ብ 27 መጋቢት ብዕለተ ዓርቢ ተሰቐለ

ወኣመ ዕሥራ ወተሱዑ ለመጋቢት በዕለተ እሑድ ሰንበት፡ ተንሥኣ እሙታን

- ብ29 መጋቢት ድማ ብዕለተ እሑድ ሰንበት ካብ ሙታን ተፈልዩ ተንሥኣ

መጽሓፍ ሓሳበ ዘመን ዘለዓለም ገጽ 148

እቲ ዝተወልደ ዘይብሉ ጽምብል ልደት

ክልተ ኣንስቲ ኣብ ሓደ ዓቢ ሆቴል እናተመገባ፡ ሓንቲ ካልኣ መሓዝኣን ወዝቢ፡ ትጽንበረን’ሞ፡ ድሕሪ ሰላምታ፡-

ወላዲት፡ “ናይ እከለ ወደይ ዕለተ ልደት ኢና ንጽምብል ዘለና”

መሓዛ፡ “ጽቡቕ እምበር፡ ኣቦይ ደኣ’ሎ ንሱ፡”

ወላዲት “ዋእ! ናብዚ ሒዘዮ ክመጽእ ተጸቢኽኒ ማለት ድዩ፡” ክትብል ንሕቶኣ ብሕቶ መለሰትላ ይብሃል።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ መብዝሕትና ንጽንብል ልደት ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ’ውን ንሱ ኣብ ዘይብሉ፡ ንዕኡ ከይሓዝና ኢና ብኽምዚ እንጽምብሎ።